# ዲሞክራስያዊት ኤርትራ

DEMOKRASIAWIT ERITREA
OFFICIAL ORGAN OF E.L.F.R.C

ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝሕተም ክልተ ወርሓዊ መጽሔት

ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ሕታም ቍ.76 ጥሪ-ለካቲት 2007


**ገጽ** 13 …

ወይ ክብሪ! ክብሪ ትመስክር። ክብርስ ትትረፍ እታ እናተሸቘረርካ ምንባር እውን ተሳኢና'ላ። ሃገር ብምልእታ ብኣባላት ጸጥታ መሊኣ። ሰብ ብጥቆማ እንተእሲርካ ገንዘብ ትኸፈል። ክሳዕ 50,000 ናቕፋ ንሓደ ሰብ ዝወሃበሉ ኩነታት ሰሪየም ኣሎዉ። ሰብ ብምእሳር ዝህብትሙ ኤርትራውያን ከም ዘለዉ ኣይትስሓት፣ መርገም'ዩ። ኣብ ከባቢ ኣስመራ ጥራይ ንበዓል ወዲ ቀሺ ሰደቂያስ፡ ንብዓል 'ቅጫ'፡ ንበዓል ወዲ ሃንስ፡ ንብዓል ኮሎኔል ወዲ ወለላ ዘገልግሉ፡ እሞ ሰብ ኤእሲሮም ገንዘብ ዝገበሩ ምህላዎም ካብ ዝፈልጡ ኣነ ሓደ'የ። መሬት እንተወጊሓ ምስክር እጽዋዕ እኸውን። ዝእሰርን ዝመውትን ግን እቲ ሲቪል ጥራይ ኣይኮነን፣ ነቲ ወተሃደር ኢዩ ዝኸፍኦ። ኣብ ፍርዲ ምብጻህ የለን። ምርሻናት ወግሐ-ጸብሐ ኢዩ። መሳኪን ብዓል ዓርከይ ብንያም ተወልደ (ዓሰብ)።

**ገጽ** 15....

ከድዓትን ሰለይትን ናይ ወጻኢ ሓይሊ መሳርሕን ብዝብል ምስምስ ብ2001 እተኣስሩ ኣባላት ዝገዝእ ዘሎ ሰልፍን ሰበ-ስልጣን መንግስትን ጋዜጠኛታትን ክሳዕ ሕጂ ሃለዋቶም ኣብ ዘይፍለጠሉ ኣብያተ ማእሰርቲ ኢዮም ተታሒዞም ዝርከቡ። ብ2006 ሓንቲ መርበብ ናይ ኢንተርነት 31 ዝኾኑ መራሕትን ጋዜጠኛታትን ንምእሳሮም ኰነ ተባሂሉ ኣብ ርሑቕ ቦታ ኣብ እተሃንጸ ሽላታት ተኣሲሮም ኣለዉ ዝብል ዝርዝር ግን ዘይተረጋገጸ ሓበሬታ ኣውጺኣ። ብመሰረት'ቲ ጸብጻብ 31 እሱራት ኣብ'ቲ ቤት ማእሰርቲ ሞይቶም ካብኦም ሓደ ነብሱ ባዕሉ ቀቲሉ ይበሃል።

ናጽነት ናይ ፕረስ ስለዘየለን፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ካብ ደገ ዝፍነው ረድዮታት ኰነ ተባሂሉ ብንጹር ንኸይስምዑ ብመንግስቲ ዝግበር ዕንቅፋታት፥ ኤርትራውያን ብዘይካ'ቲ ናይ መንግስቲ ዜና ማዕከናት ዘመሓላልፎ ሓበሬታታት ካብ ካልእ ምንጪታት ሓበሬታ ክረኽቡ ኣይኽእሉን ኢዮም። ካብ ውሽጢ ሃገር ናብ ደገ ሓበሬታት ከይወጽእ ውን መንግስቲ ኵሉ ዝከኣሎ ጻዕርታት ይገብር ኢዩ። ሃገራውያን ናይ ሰብኣዊ መሰል ተኸራኸርቲ ማሕበራት የለዋን። ኣህጕራውያን ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ማሕበራት ውን ኣብ ኤርትራ ክነጥፉ ኣይፍቀደለንን ኢዩ።

ትሕዝቶ ገጽ

1. ርእሰ-ዓንቀጽ
መኣዝና ኣይንስሓት፡ ተራና ድማ ንጻወት ……………..........................1-2

2. 2007፡ ዓመት ለውጥን ሰላምን ራህዋን ......................................3-4

3. መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሳያስ …...................4-6

4. ዕላል ምስ መንግስተኣብ ኣስመሮም ......................................6-10

5. ጾብጻብ ፎረም ዲሞክራስያዊ ልዝብ-መልበርን ........................10-12

6. ካብ ስርዓት ኢሳያስ ዘምለጡ መንእሰያት ……………………13-14

7. ኣህጉራዊ ጾብጻብ 2007፡ ህዩማን ራይትስ ዎች ………………..14-17

8. ዜናዊ ጾብጻብ ........................................................................18-20

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## መኣዝና ኣይንስሓት፡ ተራና ድማ ንጻወት

ንኤርትራ ናብ ጐደና ጥፍኣት ብምምራሕ ዝሕተት መን'ዩ? ጕረባብቲ ሃገራት ድዮም ወይስ ተቓወምቲ ውድባት ወይስ ስርዓት ኢሳያስ? መልሲ ናይ'ዚ ሕቶ'ዚ ቀሊልን ብሩህን ክነሱ፡ ገለን ብፍላጥ ገለን ከኣ ሰኣን ፍላጥ፡ ነቲ ሓላፍነት ሓንሳብ ንጐረባብቲ ሃገራት፡ ሓንሳብ ድማ ንተቓወምቲ ከሰክሙ ዝፍትኑ ኣይተሳእኑን። ንኤርትራ ናብ ጐደና ጥፍኣት ብምምራሕ ዝሕተት፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ጕጅለ ጥራሕ ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኰነን። ጕረባብቲ ሃገራት ይኹኑ ተቓወምቲ ውድባት ወይ ኣህጕራዊ ማሕበረሰብ በዚ ተሓተቲ ኣይኰኑን። ናይ ግዳም ሓይልታት፡ ንኤርትራ ካብ'ቲ ስርዓት ኢሳያስ ዝነቘታ ናይ ጥፍኣት ጕድና ንምድሓን ክተሓባበሩ ብዘይምኽኣሎም ጥራሕ ኢዮም ክሕተቱ ዝኽእሉ። ብጕዳይ ድሕነት ሃገር ብዝምልከት ከኣ'ሞ፡ ነፍስወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ከይተረፈ ውን ደረጃኡ ድኣ ይፈላለ እምበር ተሓታቲ ካብ ምዃን ከምልጥ ኣይክእልን ኢዩ።

ብረታዊ ተጋድሎና ዘበገሱ ጀጋኑና ይኹኑ፡ ድሒሮም ናብ ሰውራኦም እተጸንበሩ ተጋደልቲ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓንሳብን ንሓዋሩን ሓራ ኰይኖም ናብ ሰላማዊ መነባብሮኦም ክምለሱ ደኣ'ምበር ወተሃደራት ኰይኖም ክነብሩ ባህጊ ይኹን ሕልሚ ፈጺሙ ኣይነበሮምን። እዚ ግን ኣይኰነን። ብኣንጻሩ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ መንእሰያትና ንዓሰርተታት ዓመታት ናብ መደበራት ታዕሊም ክጓረቱን፤ ኣብ'ቶም ኣንጻር የመንን ሱዳንን ኢትዮጵያን ሕጂ ድማ ኣንጻር ሶማልያ ዝተወልዑ ናይ ውግእ ግንባራት ክሃልቁን ብሓዊ ክልብለቡን ኢዮም ዝርከቡ ዘለዉ። እዚ መነባብሮ'ዚ መሪርዎም፡ እፎይ ኢሎም ዝነብርሉ ህይወት ንምንዳይ ንስደት ዘምርሑ መንእሰያት ድማ ፡ ኣብ ምደረበዳታት ሱዳንን ሊብያን ብጽምኢ ክረግፉን ድራር ዓሳታት ባሕርን ክኾኑን ኣብ ዓዲ ጓና ንዝተፈለየ ግፍዕታት ክጋለጹን ኢዮም ዝርከቡ ዘለዉ። ጠንቂ፡ ናይ'ዚ ጸገማት'ዚ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ደኣ'ምበር ካልእ ኣይኰነን።

ኣህጕራዊ ማሕበረሰብ፡ እንተላይ ጐረባብቲ ሃገራት፡ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሓላፍነት ክስከሙን፤ ነቲ ጠንቂ ናይ'ዚ ኵሉ ሽግራት ዝኾነ ስርዓት ኣብ ምእላይ ደገፎም ክበርክቱን ሓላፍነቶም ምዃኑ ግን ክዝንግዑ ኣይግባእን። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ኣህጕራዊ ማሕበረሰብ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንምቕያር ብኣካል ክሳተፍ ኣለዎ ማለት እኳ እንተዘይኰነ፤ ነቶም ነዚ ስርዓት'ዚ ንምቕያር ዝቃለሱ ዘለዉ ሃገራውያንን ዲሞክራስያውያንን ሓይልታት፡ ምሉእ ዝኾነ ሞራላውን ንዋታውን ፕሮፓጋንዳውን ደገፍ ክህብ ግን ሓላፍነቱ ምዃኑ ከምልጠሉ ዘይኽእል ሓቂ ኢዩ። ኤርትራውያን ዜጋታት ድማ፡ ከም ዋናታት ናይ'ቲ ጕዳይ መጠን፡ ስርዓት ናይ ምልዋጥ ሓላፍነት ናትና ምዃኑ ፈሊጥና፡ ብዘሎና ዓቕምን ክእለትን ኣብ'ቲ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ክንሳተፍን፤ ንህዝብና ካብ ኣትይዎ ዘሎ ዓዘቕቲ ከነውጽእን ከምዘሎና ሓደን ክልተን ዘይብሃለሉ ጕዳይ ምዃኑ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። እዚ እቲ ክለሳ-ሓሳባዊ ሓቅታት ኰይኑ፡ ብተግባር'ከ ከምኡ'ዶ ይስራሕ ኣሎ?

ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብ፡ እትረፍ'ዶ ንተቓወምቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ምሉእ ደገፍ ምሃብ፤ ነቲ ስርዓት ዝፍጽሞ በደላትን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ምቕላዕን፤ ንጕዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ግቡእ ቆላሕታ ኣብ ምሃብን ካብኡ ትጽቢት ዝግበረሉ ተራ ይጻወት ከምዘየለ ብሩህ ከም ጽሓይ ቀትሪ ኢዩ ኰይኑ ዘሎ። እቲ ምኽንያት ብዙሕ ክኸውን ይኽእል። ገለ ካብኡ፡ ኤርትራ ኣካል ናይ ህልዊ ስትራተጂካዊ ረብሓታቶም ገይሮም ዘይምውሳድ፤ ወይ

ድማ፡ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ብቑዓት መተካእታ ኣይኮኑን ካብ ዝብል መበገሲ ዝነቅል፤ ወይ ድማ ካልእ ባዕላዊ ገምጋማት ዝደረኾ ክኸውን ይኽእል።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ገለገለ ንህዝቢ ካብ ተቓወምቲ ውድባት እንተደኣ ኣርሒቕም ዝሕይሉ ኰይኑ ዝስምዖም ተቓወምቲ ኢና ዝብሉ ውድባትን ውልቀሰባትን፡ "ህዝቢ ኤርትራ ንስርዓት ኢሳያስ ፈሊጥዎ'ዩ…፤ ብዛዕባ ተግባራት ስርዓት ኢሳያስ ጥራሕ ምዝራብ ትርጉም የብሉን" ካብ ዝብል ግጉይ መንቀሊ ተበጊሶም ብርያም ኣንጻር ተቓወምቲ ውድባት ዘብልሑን፤ ህዝቢ ካብ ተቓወምቲ ውድባት ከርሕቑ ዝጽዕሩን ኣይተሳእኑን። እቲ ዘገርም ግን፡ በዚ መኣዝኑ ዝስሓተ ፖለቲካ'ዚ ዝርባሕ ስርዓት ኣስመራ እምበር ካልእ ከምዘይኰነ ክርድኡ ዘይምኽኣሎም ኢዩ። እዚ ግን፡ ደምበ ተቓውሞ ድኽመት የብሉን ወይ ክንቀፍ የብሉን ንምባል ከምዘይኰነ ብሩህ ክኸውን ንደሊ። ደምበ ተቓውሞ፡ ንፍልልያቱ ብግቡእ ኣመሓዲሩ፡ ንህዝቢ ኣብ ጐድኑ ኣሰሊፉ፡ ናይ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ደገፍ ረኺቡ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ኣመራርሓ ዘይምብርካቱ ኣሉ ዘይብሃለሉ ሕጽረት ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኰነን። እዚ ኵነታት'ዚ ክልወጥ እንተደኣ ተደልዩ ግን፡ ነፍስወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ለውጢ ንምምጻእ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ተራ ክጻወት ከምዘለዎ ውን፡ ካልእ ክዝለል ዘይከኣል ሓቂ'ዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ ህዝቢ ናይ ምድሓን ሓላፍነት ናይ ኵሉ ድኣ'ምበር፡ ናይ እከለን እከለን'ዩ ተባሂሉ ዝግደፍ ጕዳይ ኣይኰነን። ግዴኻ ከይተጻወትካ፡ ካልኦት ለውጢ ከምጽኡልካ ምጽባይ ካብ ጽቡቕ ትምኒት ምግላጽ ሓሊፉ ካልእ ዘበርክቶ ቍም-ነገር የብሉን።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነዚ ኵሉ ጕዳያት'ዚ ብዕምቈት ድሕሪ ምግምጋምን፥ "ኪዳን ናይ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘለዎም ውድባት ልፍንቲ ደኣ'ምበር፤ ናይ ሓደ ፕሮግራም ዘለውም ውድባት መሕብኢ ክኸውን የብሉን" ካብ ዝብል መንቀሊ ብምብጋስን፥ ንቃልሲ ህዝብና ብብቕዓት ንምምራሕ ዝኽእል ድልዱል ህዝባዊ ደገፍ ዘለዎ ሓይሊ ንምፍጣር፡ ሓደ ወይ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ብሓባር ሰልፊ ክምስርቱ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጕባኤኡ ጻውዒት ምቕራቡ ዝዝከር ኢዩ። እዚ፡ ነቲ ፋሕ ብትን ኢሉ ዘሎ ዓቕምታት ጠርኒፉ ናብ ኣድማዒ ሓይሊ ንምቕያሩ ዝሓለነ ደኣ'ምበር፤ ከም'ቲ መጋበርያታት ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ይኹን በቲ ክመጽእ ዝኽእል ለውጢ ጸቢብ ረብሓታቶም ዝጕድሎም ሸነኻት ዝብልዎ፡ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ካልእ ኪዳን ንምፍጣር ወይ ድማ ንኪዳን ንምትካእ ዝዓለመ ሓሳብ ኣይኰነን።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ናይ ምምስራት መደብ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ናይ ድህሰሳን ናይ ልዝብን ሸማግለታት ኣቝሙ ምስ ውድባትን ጕጅለታትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ውልቀ ዚጋታትን ሰፊሕ ርክባት ንምክያድ ተበገሶ ወሲዱ ይንቀሳቐስ ኣሎ። ክሳዕ ሕጂ ተገይሩ ዘሎ ርክባት ውን ዘተባብዕ ኣወንታዊ ውጽኢታት ዘለዎ ምዃኑ ከይሓበርና ክንሓልፍ ኣይንመርጽን። እዚ ዕማም'ዚ ክዕወት ግን፡ ናይ ኵሉ ተቓወምቲ ሓይልታትን ውልቀሰባትን ፈተውትን ደገፍን ምትብባዕን ከድልዮ ምዃኑ ርዱእ ኢዩ። ንህዝብን ንተቓወምትን ዘርብሕ ቅዱስ ዕላማ ስለዝኾነ ከኣ፡ ብረብሓ ህዝቢ ዝግደሱን ተቓውሞኦም ክዕወትን ከድምዕን ዝደልዩን ሸነኻት ክድግፍዎ እንተዘይኰይኑ ክጻረርዎ ዝድርኽ ዝኾነ ይኹን ኣዕጋቢ ምኽንያት ክርከቦ ኣይከኣልን ኢዩ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተለሞ ናይ ዓወት ስትራተጂ፡ ብዕሩን ኣትኵርኡን ሃሙን ተቓውሞኡን ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ምቕናዕ ደኣ'ምበር፤ ኣንጻር ተቓወምቲ ዝኾኑ ኣሓት ውድባትን ኣንጻር ጕረባብትን ወይ ኣንጻር ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ኣይኰነን። እዚ'ሞ እቲ ስርዓት ባዕሉ ተታሓሒዝዎ ዘሎ፡ ናይ ዕንወት ጐደና ኢዩ። ኣብ ዕንወት ናይ ሃገርና ክንሳተፍ ድማ ባህጊ ይኹን ረብሓ የብልናን። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ፡ ውድብና፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሸነኻት፡ ኣብ ልዕሊኡ ብዝስንዘሩ ዝተፈላለዩ መጥቃዕትታት መኣዝኑ ከየጥፍኣን፤ ንቀዳምነታት ናይ ዕላማታቱ ከይደዋወሰን፤ ንዝተበገሰሉ ቅዱስ ዕላማ ንምዕዋት ተራኡ ዝጻወትን፤ ኣርሒቑ ንቕድሚት ዝጠመተ ፖሊሲ ዝኽተልን ዘሎ።

# 2007
# ዓመት ለውጥን፡ ሰላምን ራህዋን ንህዝቢ ኤርትራ ክኸውን ንምነን ንቃለስን ወልደሱስ ዓማር፡

ኣረጊት ዓመት 2006 ኣፋኒና ሓድሽ ዓመት ኣብ እንቕበለሉ ሁመት፡ ንተቓለስቲ ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶን ንኹሉም ደገፍቲ ፍትሕን ሰላምን ዲሞክራስን ኣብ ኤርትራ ንዝኾኑ ውድባትን ደቂ ሃገርን ፈተውትን፡ ብስመይን ብስም መሪሕነት ውድብን ኵይነ እንቋዕ ኣብ 2007 ብደሓን ኣብጽሓኩም፡ ኣብጽሓና እብል። ነቲ ወጋሕታ ሓርነት ርእዩ ዝሰኣነ ውጹዕ ህዝብና ከኣ ሎሚ ካብ ለውጢ ዝዓቢ ህያብ ስለ ዘይጽበ፡ ውዓል-ሕደር ዘይብሉ ለውጢ ንምነየሉ።

ኣብ ኤርትራ ሰላምን ራህዋን ካብ ዝበኵር መዋእል ኵይኑ። ካብ ኩሉ ዝሓለፈ ናይ ሕሰም ዘመናት ዝገደደ ሎሚ ምኻኑ ግን ንኣዳም ኣስደሚምዎ ይርከብ። እዚ ዘሕዝን ኩነታት ህዝብና ናብ ዝሓሸ ሃለዋት ክሰጋገር እንተብኣር ለውጢ ይሓትት። ነቲ ጋኔን ስርዓት ህግደፍ መንቀሎስካ ህዝባዊ ስርዓት ምትካል ይሓትት። ንስዩ ዕማምና ኣብ ውሽጢ 2007!! ንሱዩ ኸኣ ናይ 2007 እማሜና!!

ዝሓለፈት ዓመት (2006) ፡ ኣብ ኤርትራ ከምተን ቅድሚኣ ዝሓለፋ ዓመታት፡ ዓመት ፍርሕን ማእሰርትን፣ ዓመት ጥሜትን ዕርቃንን፣ ዓመት ሕማምን ሞትን፣ ዓመት ህድማን ምቁራጽ ትምህርትን፣ ዓመት ስደትን መቕዘፍትን ነይራ። ብከቢድ ሓዘን እንዝክራ ዓመት ስለ ዝነበረት ከኣ ህዝብና ኣብ ከምኡ ዓይነት ኩነታት ክነብር ዝደልዩ ዳርጋ ውሑዳት ወይ ኣብ ዘይህላዌ እናተገማገሙ ዝኸዱ ኢዮም ክንብል ንኽእል። እቲ ኩነታት ክልወጥ ዝደሊ ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ ማለትና'ዩ። ድልየት ናብ ግብሪ ክትርጐም እንተኾይኑ ግን ናይ ኩሉ ጽዓትን ተሳትፎን ይሓትት። 2007 ዓ.ም. እትሓቶ እንተብኣር ናይ ኩሉ ደላይ ለውጢ ጽዓትን ተሳትፎን ኢዩ።

ነቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ሕሰም ዝቃወም መልእኽትና፡ ሕጂ'ውን ከም ቀደም፡ ካብ መጀመርያ ወርሓት 2007 ጀሚርና ኣብ ኩሉ ኤርትራዊ ዝርከቦ ቦታ ብክብ ዝበለ ደወል ከነቃልሖ ኢና። ምስ ኩሉ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዝርከብ ተቓዋማይ ሕሰምን ምልክን ብሓባር ኰንና፡ ኣብ ኩሉ ኹርንዓት ኤርትራ ተሰማዕነትን ተቐባልነትን ዘሎዎ ደወል ለውጢ፡ ደወል ቅልጡፍ ለውጢ፡ ክንቃጭል ኢና። ስርዓት ህግደፍ ብድምጺ ዝነደረ ህዝቢ ባህሪኑ መዕለቢ ክስእን'ዩ። ነዚ ክዉን ንምግባር ከኣ ህዝብና ዝኣክል ትብዓትን ሓቦን ኣኽእሎን ከም ዘውንን ምሉእ እምነት ኣሎና። ከም'ቲ ንህዝብናን ንስሩዓትናን ግሉጽ ምእንቲ ክኸውን ኣብ ዓመታዊ ጸብጻና ብዝርዝር ሰፊሩ ዘሎ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 2006፡ ተሓኤ-ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ቃልሱ ዝከኣሎ ኣበርኪቱ ኢዩ። ዘይሕለል መሰረታት ውድብ፡ ምሉእ ዓመት ብጉልበቱን፡ ብገንዘቡን ብዘሎዎ ጊዜን ንተወፋይነቱ ኣኻዕቢቱዎን ዝያዳ ኣሕኒንዎን ኢዩ። መርኣያ ዕዉት ጉዕዞ ውድብ ብ2006 ከኣ ብዞባዊ ጉባኤታትን በቲ ታሪኻዊ ውጽኢት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤን ተንዝጸባረቐ ኢዩ።

ዕብየትን ምድልዳልን ነፍስ-ወከፍ ተቓላሳይ ውድብ፡ ንፖለቲካዊ ተቓውሞ ኤርትራ ሓደ ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት ኢዩ ንብል። ስለዝኾነ ከኣ፡ ኣብዚ እንጀምሮ ዘሎና ሓዲሽ ዓመት፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝያዳ ሓያል ናይ ቃልስን ዓወትን ረጃሒ እናኾነ ክምርሽ ንህዝብና ቃል ይኣቱ። ነዚ ንምግባር ከኣ ምስ ብርእይቶ ዝቀራረብዎ ባእታታትን፡ ጉጅለታትን ሓይልታትን ኣብ 2006 ዝጀመሮ ልዝብ ብምቕጻል፡ ሓድነታዊ ጉዕዞ ክትልምን ክጸናበርን ክምህ ኣይክብልን ኢዩ።

እቲ ንምምስራት ሰፊሕ ሰልፊ ዝኣመተ እሞ ኸኣ ኣብ ጉዕዞ ዘሎ መደባት ውድብናን፡ እቲ

ብወርሒ ታሕሳስ 2006 ምስ ተሓኤ እተጀመረ፡ ንሓድነት ክልቲኡ ውድባት ዝኣመተ ዘተን ከኣ መርኣያ ናይቲ ሰፊሕ መደብን እነማዕድዎ ዘሎና ናይ ዓወት መድረኽን ኢዩ።

ብተወሳኺ፡ ክልተ ወለዶ ማለት፡

1. እቲ ጻማ ቃልሱ ዘየስተማቕረ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ይኹን ጌና ኣብ ከባቢ እቲ ስርዓት ዘሎ ተቓላሳይ ወለዶን፡

2. እቲ ግዳይ ናይ ዲክታቶራዊ ሓይሊ ኰይኑ ዘሎ መንእሰይ ወለዶን

ኣብ ውሽጢ 2007 ተኣምር ክሰርሑ መድረኽ ይሓቶም ኣሎ።

ብኻልእ ኣዘራርባ፡ 2007 ዓመት ለዉጢ ኣብ ኤርትራ ክትከውን ጠለብ ውጹዕ ህዝብና ኢዩ። ነዚ ክውን ምግባር ከኣ ሓላፍነት ናይ ኩሉ'ቲ ሃገራዊ ሓቦኡ ዘይጸንቀቐ ኤርትራዊ ዜጋ ኢዩ።

ርሑስ ሓዲሽ ዓመት ንኹልና!
ዓመት ለውጥን ሰላምን ራህዋን ንህዝብና!
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና!

# መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሳያስ

መንእሰይ፡ ብደራኺ ባህርያቱን ብድልውነቱ ንለውጥን ዝልል፤ ናይ ቀጻልነት ዋሕስነትን ናይ ምሕዳስ ረቛሒታት ዝውንንን፤ ኣብ ኵሉ መዳያት ናይ ህይወት ኣፍራዪ ግደ ዝጻወትን ዲናሞ ናይ ሕብረተ-ሰብ ዝኾነ ግዙፍን ንጡፍን ሓይሊ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ መንእሰያት፡ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ካልኦት ሕብረተ-ሰባት፡ ኣብ መዳይ ህንጻን ምዕብልናን ምሕዳስን ዝጻወትዎ ፍሉይን ኣገዳስን ግደ ኣለዎም። እንተኾነ ግን፡ ንኣተሓሳስባን ዕግበትን ወዲ ሰብ ዝውስን ዕድመ ጥራሕ'ዩ ዝብል ተረድኦ ምውናን ውን ቅኑዕ ኣይኰነን። ሕብረተ-ሰብ፡ ውርሻ፡ ትምህርቲ፡ ከባቢ …ወዘተ ውን፡ ንኣተሓሳስባ ናይ ወዲ ሰብ ኣብ ምቕራጽ ዓቢ ተራ ከምዝጻወቱ ምግንዛብ የድሊ። ብሓፈሽኡ ግን፡ መንእሰያት ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ከም ሓድሽ ሓይልን ሓድሽ ደምን ኢዮም ዝቝጸሩ። መንእሰይ ብስድራ ቤቱን ከባቢኡን ጥራሕ ኣይኰነን ዝጽሎ፡ እንታይ ደኣ፡ ዝያዳ ንምፍላጥ ኣብ ዘየቋርጽ ናይ ምምርማር ባሕሪ'ዩ ዝሕንብስ። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ'ም መንእሰያት ማእከል ስሕበት ናይ ፖለቲካውን ማሕበራውን ሃይማኖታውን ምንቅስቓሳት ዝኾኑ። ጸቢብ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ናይ ድሕረት ሓይልታት፡ ንመንእሰያት ብክለሳ-ሓሳቦም ብምጽላውን፡ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽሮም ብምእታውን፡ ንጸቢብ ዕላማታቶም ንምርግጋጽ ከም መሳርሒ ክጥቀምሎም ይጽዕሩ። ብኣንጻሩ ከኣ፡ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓሳት፡ መንእሰያት ብናጽነትን ብክሱትን ተመራማርን ኣእምሮን ክዓብዩን፤ ንጽቡቕን ሃናጽን ሓሳባት ብምቕባልን፤ ንዕጽው ኣተሓሳስባ ብምንጻግን፥ ንጽቡቕ ካብ ሕማቕ ብምምማይን ፍትሕን ማዕርነትን ሕውነትን ዝሰፈኖ መጻኢ ንምህናጽ ንምብቕያዕ ኢዮም ዝቃለሱ። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንጕዳይ ናይ መንእሰያት፡ ኣብ ኵሉ መዳያት ናይ ንጥፈታቱን ስነ-ጽሑፋቱን ፍሉይ ትኹረት ዝህቦ። ካብ'ዚ ብምብጋስ'ዩ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ቲ ብዕለት

17.12.2006 ኣብ ፍራንክፈርት ንዝኸሬ ቀዳማይ ዓመት መስዋእቲ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ኣብ ዝተዳለወ በዓል፡ ነቶም ካብ ግሃነም እሳት ዝኾነ ስርዓት ሃዲሞም ኣብ ስደት ዝርከቡ ይኹን ነቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ መንእሰይን፡ "ነዚ ውድብ'ዚ ተረከብዎ፤ ናብ'ዚ ውድብ'ዚ ክትጽንበሩ ንደልየኩም ኣሎና፤ ጌጋታት እንተልይዎ ድማ ንክትእርምዎን ከተማዕብልዎን ጽዓሩ" ብምባል ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ክቓለሱ ዝጸውዐ። እዚ ጸውዒት'ዚ፡ ናይ'ቶም መገዲ ዓወትን ኣሳልጦን ዝፈልጡን፥ ዓወትን ኣሳልጦን ዝደልዩን ሸነኻት ጸውዒት ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ነቶም መንእሰያት ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ደው ክብሉ ዝጠልብን ሃገራዊ ጸውዒት ኢዩ።

መዓልቲ ሰማእታት፡ ኵሉ ግዜ፡ ጽንዓትናን ዘይዕጸፍ ድሌታትናን ድልውነትና ንሃገራዊ ቃልስን እነሐድሰላ ዕለት ኢያ። ስለዝኾነ ድማ። ንጸውዒታትና ተቐቢሎም፡ ብሓባር ኰይና ኣብ መንገዲ ዓወት ንመርሽን፤ ህዝብና ብሰላም ዝነብረላ ርግእትን ዲሞክራስያዊትን ሃገር ብምህናጽ ንትጽቢታት ናይ ህዝብና ጋህዲ ንግበርን ኢና ንብል ዘሎና።

መንእሰይ ስትራተጂካዊ ጥሪት ናይ ሓንቲ ሃገር ወይ ከኣ ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ምዃኑ ተገንዚብና፡ ንሓይሊ መንእሰይ ብብቕዓትን ብክእለትን ከነመሓድር ንጽዓር። መንእሰያትና ኣፍረዩትን ንጡፋትን መታን ክኾኑ፡ ካብ ዕሽል ዕድሚኦም ኣትሒዝና ክንምልምሎምን ክንከታተሎምን ይግባእና። ነዚ ሓላፍነት'ዚ ብግቡእ ንምስካም ድማ ህዝብን መንግስትን ሓቢሮም ክሰርሑ ኣለዎም። ዝኾነ ይኹን ናይ ምብሓት ፈተነ ብሓደ ካብ'ዞም ክልተ ሸነኻት ግን፡ ንሹሉ ማለት ንመንግስትን ንህዝብን ንመንእሰያትን ንሽማግለታትን ዝሃሲ ውጽኢት ጥራሕ'ዩ ክህልዎ። ብቑዕን ኣፍራዩን ሓይሊ መንእሰይ ንምውናን ድማ፡ ኵሉ ዘድሊ ሕክምናውን ትምህርታውን ኣገልግሎትን ከነቕርበሎም ይግባእ። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ፡ ሞራላዊ ክንክን ክንገብረሎም ውን ግቡእና ኢዩ። ካብ ናይ ብልሽውናን ሓሸሽን ካልኦት ኣፅነውቲ እጽዋትን ወልፍታትን ከነርሕቖም ይግባእና። ነዚ ኣገዳሲ ስትራተጂ'ዚ ንምፍጻም ወለዲ ንደቆም ክከታተሉን፥ መንግስትን ኤርትራውያን ገበርቲ ሰናይን ድማ፡ ኣብያተ-ትምህርትን መዋእለ ህጻናትን ናይ ስፖርት ከበባት ንመንእሰያትን ክሃንጹን ይግባእ። ከምኡ ውን፡ ትሕተ ዕድመ ዝኾኑ መንእሰያት ኣብ ውትህድርና ከይኣትዉ ዝኽልክል ሕግታትን ፖሊሲታትን ምትግባር ሓላፍነት መንግስቲ ምዃኑ ብሩህ ክኸውን ይግባእ።

ስርዓት ኢሳያስ ዝኽተሎ ፖሊሲታት እንተርኢና ግን፡ ንመንእሰያት ንኹሉ ዓይነት ጭቆናን ጃምላዊ ህልቂትን ስንክልናን ዝዳርግ ኰይኑ ንረኽቦ። ብዛዕባ መጻኢ ዕድሎምን ኣብ ልዕሊኦም ብዛዕባ ዝፍጸም በደልን ከይሓስቡ ድማ፡ ኵሉ ናይ ዳንኬራን ሳዕስዒትን መሳርሒታት'ዩ ዝቐርበሎም። ነዚ ጭቆና'ዚ ዝተጻረረ፡ ዕጫኡ ሞትን ማእሰርትን ዓዘባን ኢዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣደዳ ድኽነትን ድንቍርናን ኣደዳ ኵሉ ዓይነት ሕማምን ብፍላይ ከኣ ሕማም ኣይድስ ኰይኖም ይርከቡ ኣለዉ። ብሰንክ'ዚ መዘና ዘይብሉ ጭቆና ከኣ፡ ነታ ዝፈትዋ ሃገርን ዝፈትውዎም ወለዶምን ራሕሪሖም ንስደት ክምርሑ ይርኣዩ ኣለዉ።

ስደት ንህዝብና ሓድሽ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን፡ ካብ ግፍዕታት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንምምላጥ ዝግበር ዝነበረ ስደትን፤ ናይ ሎሚ ስደትን ዝተፈላለየ ኢዩ። ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንከሎና ህጻናትን ሽማግለታትን ደቂ ኣንስትዮን ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ብፍላይ ድማ። ናብ ሱዳን ክስደዱ እንከለዉ፥ መንእሰያትን ተመሃሮን ግን ናብ ሰውራኦም ብምጽንባር ምእንቲ ናጽነቶም'ዮም ዝቃለሱ ዝነበሩ። ናይ ሎሚ መንእሰያትን ተመሃሮን ግን ብኣንጻሩ፡ ሽማግለታትን ህጻናትን መበለታትን ንድሕሪት ገዲፎም'ዮም ዝስደዱ ዘለዉ። ክሃድሙ እንከለዉ እንተተታሒዞም ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጸም ናይ ሞት ስጉምቲ ይኹን፡ ምድረ-በዳታትን ውቅያኖሳትን ክሰግሩ ከለዉ ዘጋጥሞም ሓደጋታት ከይገትኦም፡ ኣብ ነፍስወከፍ መዓልቲ ካብ 40-50 ዝኾኑ መንእሰያት ኣወዳትን ኣዋልድን ዶብ ሰጊሮም ናብ ሱዳን ይኣትዉ ኣለዉ።

ምስ’ቲ ምዝያድ ናይ ዝሰደዱ መንእሰያት፡ ቍጽሪ ናብ ስደት ዘምርሓ ደቂ ኣንስትዮ ውን እናዛየደ’ዩ መጺኡ። ምኽንያቱ ድማ፡ ናይ ስራሕን ናይ ትምህርትን ዕድላት ስለዝተዓጽዎምን፥ መጻኢ ዕድሎም ሞትን ጥሜትን ድኽነትን ስለዝኾነን፤ ኣብ ናይ ውሑዳት ጀነራላት ረብሓታት ከም ባሮት ንኽብዶም ተገዚኦም ክሰርሑ ዘገድድ ኵነታት ስለእተፈጥረን ኢዩ።

ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ትሕቲ ዝብል ሽፋን፡ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ናብ መደበራት ታዕሊምን ናይ ውግእ ግንባራትን ክትጓረትን፤ ካብ ትምህርትን ሕክምናን ሓዳርን ተሓሪማ ክተነብርን ተፈሪዱላ ኣሎ። ብሰንክ’ዚ ፖሊሲ’ዚ፡ ዕጭኣ ኣብ ኣባይቲ ሰበ-ስልጣንን ጀነራላትን መኰንናትን መንግስቲ ምኽዳምን፡ ጀራዲኖም ምኸስኳስን፡ ቆልዑቶም ምዕባይን፤ ካብኡ ሓሊፉ ውን ስጋዊ ድሌታቶም ንምርዋይ ዝጥቀሙላ ኣቕሓ’ያ ኰይና።

ነዚ ንምቕያርን ጥዑይ ሕብረተ-ሰብ ንምህናጽን ናይ ኵሉ ዜጋ ቃልሲ ይሓትት። መንእሰያት ድማ፡ ንገዛእ ርእሶም ይኹን ንደቆም ብሩህ መጻኢ ክሃንጹ እንተደኣ ደልዮም፡ ንቕሓቶምን ክእለቶምን ከማዕብሉን ይግብኦም። ከምኡ ውን፡ ናይ ጽባሕ መራሕቲ ምኻኖምን፡ ናይ ምምራዝሕ ተርኦም ይቀራረብ ከምዘሎን ፈሊጦም፡ ንነብሶም ብስነ-ፍልጠት ከዕጥቑን ዓቕምታቶም ክብ ከብሉን፤ ኣብ ኵሉ መዳያት ናይ ህይወት ተሳትፎኦም ክብ ንምባል ተበግሶ ክወስዱን ይግባእ።
ክቡር ደሞም ኣፍሲሶም፡ ንናጽነት ናይ ኤርትራ ጋህዲ ዝገበሩ መንእሰያት ስለዝኾኑ፤ ሕጂ ውን፡ ንመሰል ዜጋታታ እተኽብርን እትሕሉን ዲሞክራስያዊት ሃገር ምህናጽ ሓላፍነቶም ምኻኑ ክዝንግዑ ኣይግባእን።

# ዕላል ምስ መንግስተኣብ ኣስመሮም ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን



**ብዛዕባ ስርዓት ህዝባዊ ግንባር ወይ ስርዓት ህግዲፍ….**

ህግሓኤ ንናጽነት ዝቃለስ ዝነበረ ግንባር’ዩ። ድሕሪ’ቲ ብ1994 እተኻየደ 3ይ ውድባዊ ጕባኤኡ ግን፡ ህላወኡ ከም ግንባር ብወግዒ ኣብቂዑ፡ ብህግዲፍ ተተኪኡ። ኣብ’ቲ እዋን’ቲ፡ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ መጀመርያ ድሕሪ ሪፈረንደም፡ ጽንሕ ኢሉ ድማ፡ ድሕሪ ቅዋምን ሕግታት ናይ ሰልፍታት ምጽዳቕን፡ ሰልፍታት ከፍቅድ’ዩ፡ እናተባህለ ይዝረብ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ።
ሓሓሊፉ ከኣ፡ ሰበ-ስልጣን ናይ’ቲ ስርዓት ብፍላይ ድማ ኢሳያስ፡ ሰልፍታት ካብ ናይ ህግሓኤ/ህግዲፍ ተመኵሮታት ኢየን ክፍጠራ እምበር፡ ዝኾነ ይኹን ተራ ብዘይተጻወቱ ውድባት ዝቐውም ናይ ኣብዝሓ ሰልፊ ስርዓት ኣይክህሉን ኢዩ ዝብል መግለጺታት ክህቡ ይስምዑ ነይሮም። እዚ ይኹን እቲ፡ ኵሉ ከይተተገብረ’ዩ ተሪፉ። ህግዲፍ እንተኾነ ውን፡ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ከም ገዛኢ ሰልፊ ኰይኑ ክሰርሕ ኣይተራእየን። ካልኣይ ጕባኤኡ ከይገበረ እንሆ 11 ዓመታት ኣሕሊፉ፤ ስሩዕ ይኹን ህጹጽ ኣኼባታት የብሉን፤ ናይ ሓባር ኣመራርሓ የብሉን። ስለ’ዚ ህግዲፍ ከም ሰልፊ ወይ ከም ውድብ ይሰርሕ ኣሎ፡ ወይ ድማ ይመርሕ ኣሎ፡ ኢልካ ምዝራብ ዘይከኣል ኢዩ። እቲ ስርዓት፡ ብዘይውልውል፡ ናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢዩ።
ካብ’ዚ ሓቅታት’ዚ ብምብጋስ፡ እቲ ስርዓት ህግዲፍ ወይ ስርዓት ህዝባዊ ግንባር (ሻዕብያ) ዝብል ኣጸዋውዓ ግጉይን ክእረም ዘለዎን ኢዩ

በሃላይ ኢየ። ከምኡ ዝብሃል ስርዓት ኣብ ኤርትራ የለን። እቲ ዘሎ ስርዓት ናይ ኢሳያስ ስርዓት ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ወይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ እናተባህለ'ዩ ክጽዋዕ ዝግባእ።

**ስርዓት ኢሳያስ ዝፈጸሞም ስትራተጂካዊ ጌጋታት እንታይ ኢዮም...**

ካብቶም ቀንዲ ስርዓት ኢሳያስ ዝፈጸሞም ስትራተጂካዊ ጌጋታት እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይከኣል።

- እቲ መዋእል ናይ ዲሞክራስን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ስርዓት ብዙሓን ሰልፍታትን ምዃኑ ክግንዘብ ዘይምኽኣሉ፤
- ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ዝጻሕተሮ ትርጉም ዘይብሉ ውግኣትን ወጥርታትን፤

ንኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ኣህጉራዊ ትካላትን ብቐጻልነት ምጽባእ ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ ዝርአ ዘሎ ፖለቲካውን ቍጣባውን ማሕበራውን ቅልውላዋት ድማ፡ ውጽኢት ናይ'ዚ ግጉይ ፖሊሲታት እዚ ኢዩ።

**ጐረባብትና ......**

ጐረባብትና፡ ብመውስቦ፡ ብቛንቋ፡ ብባህሊ፡ ምሳና ዝተኣሳሰሩ ኢዮም። ምስ ጐረባብትና ብሰላምን ብሰናይ ጒርብትናን ክነብር እንተዘይካኢልና፥ ምስ ካልኦት ምሳና ዝኾነ ይኹን ዝምድና ዘይብሎም ኣህዛብ ብሰላም ክንነብር ማለት ዘበት ኢዩ። ጐረባብትና፡ እንተፈቲና ንቐርቦም፡ እንተጸሊእና ድማ ንርሕቆም ኣይኰኑን። ፈቲና ጸሊእና ብሓባር ክንነብር እተፈረደና ኣሕዋት ኣህዛብ ኢና። ስርዓት ኢሳያስ ግን፡ ክፈቱ እንከሎ ላዕሊ ይሰቕሎም፡ ኣነ ዝፈተኹዎም ፍተዉ ድማ ይብለና። ክጸልኦም እንከሎ ድማ፡ ዘለን ዘየለን ክስታት ጸፍጺፉ ከጸልሞምን ኣጸልኡኒ እናበለ ወግሐ-ጸብሐ ክተዃትኾናን ይስማዕ። ኢሳያስ፡ ምስ ሱዳን፡ ዘብኣሶ ምኽንያት፡ ሱዳናውያን ጥሩፍ ናይ እስላማዊ ስነሓሳብ ናብ ሃገርና ብምስላኹን፤ ጥሩፋት ሓይልታት ናብ ሃገርና ብምልኣኽን ንሰላምን ርግኣትን ሃገርና ክዝርጉ ይፍትኑ ኣለዉ ዝብል'ዩ ነይሩ። ኣብ ሶማልያ ድማ፡ እቶም ጥሩፋት እስላማውያን ሰላምን ምርግጋእን ከምጽኡ ይኽእሉ ኢዮም እናበለ ክማጐተሎምን ክጣበቐሎምን ክመሓዘዎምን ተራእዩ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ጽቡቕ ዝምድና ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብ ትርጉም ዘይብሉ ብርኪ ክልወጥ ኢዩ፤ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኮንፈደራላዊ ስርዓት ክምስርታ ኢየን እናበለ ይምድር ነይሩ። ድሕሪ'ቲ ዝምድና ናይ ክልቲኡ ሃገራት ምብልሻው ድማ፡ ንኢትዮጵያ ብልዑላውነት ናይ ኤርትራ ዘይትኣምንን ገዛኢትን ወራሪትን ሃገር ገይሩ ክገልጻ ይስማዕ ኣሎ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ብኤርትራውያን ይኹን ብካልኦት ውድባትን መንግስታትን ምስ ኢትዮጵያ ዝግበር ዝኾነ ይኹን ዝምድና ወይ ምትሕብባር ብኣሉታ ክገልጾን ክጸረሮን ይርከብ።

ስለ'ዚ፡ ንሕና ከም ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ዝምድና ናይ ኣህዛብ ምስ ዝምድና ናይ መንግስታት ክተኣሳሰር የብሉን በሃልቲ ኢና። መራሕትና እንተፈትዮም ዘፋትውና፡ እንተጸሊኦም ድማ ዘጸልኡና ኣህዛብ ክንከውን የብልናን በሃልቲ ኢና። ምኽንያቱ ድማ፡ ረብሓና ከም ህዝቢ ኣብ ሰናይ ጒርብትናን ኣብ ሰላምን ደኣ'ምበር ኣብ ውግእን ወጥርን ምስሕሓብን ኣይኰነን። ኢሳያስ፡ ንስልጣኑ ክብል ዝጸሕተሮ ግርጭታት፡ ምስ ረብሓ ናይ ህዝቢ ዝኾነ ይኹን ምትእስሳር ከምዘይብሉ ክንርዳእ ይግባእ። በቲ ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተወልዐ ውግእ ዝሃለቐ፡ ዝተመዛበለ፡ ዝሰንከለ፡ ዝተሰደ፡ ህዝቢ ደኣ'ምበር፡ ኢሳያስን መጋበርያታቱን ኣይኰኑን። ኢሳያስሲ፡ ጌና ኣብ ስልጣኑ ኰይኑ ጥዑም መነባብሮ'ዩ ዘሕልፍ ዘሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ መንግስታት ሓለፍቲ፡ ኣህዛብ ግን ነበርቲ ምዃኖም ውን ክንዝንግዕ ኣይግብኣናን ኢዩ። ንሰላምን ሰናይ ጒርብትናን ምጽራር እምበኣር፡ ንረብሓ ናይ ህዝቢ ምጽራር ማለት ምዃኑ ተገንዚብና፡ ብትርጉም ዘይብሉ ሃገራዊ ዝመስል ግን ከኣ ኣደናጋሪ ጸረ ረብሓ ህዝቢ ዝኾነ ጭርሖታት ከይንታለል ምጥንቃቕ የድሊ።

**ተቓወምቲ ውድባትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ......**

ምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣወንታዊ ስጕምቲ'ዩ ነይሩ። ድሕሪ

ምምስራት ናይ ኪዳን፡ እቲ ኣብ መንጐ ውድባት ዝካየድ ዝነበረ ናይ ሕድሕድ መጥቃዕቲ ደው ክብል ክኢሉ'ዩ። ከምኡ ውን፡ ብሳላ'ቲ ዝተፈጥረ ህዱእ ሃዋህውን ልዝብን ኣብ መንጐ ውድባት ኪዳን ናይ ምርድዳእ መንፈስ ክነግስ ስለዝኸኣለ፡ ናይ ገለ ውድባት ናይ ምጽንባር ስጕምትታት ክውሰድ ውን ተራእዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ እቲ ኣብ ምምስራት ኪዳን ዝነበረ ብዝሒ ውድባት እናነከየ ምኻዱ ኣወንታዊ ምዕባለ'ዩ ነይሩ። እዚ ግን እኹል ኣይኰነን በሃላይ ኢየ። መሰረታዊ ዕላማ ናይ ኪዳን ነቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ኵነታት ንምልዋጥ ስለዝኾነ፡ ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ ክሳለጥ ዘለዎ ሓያለይ ጕዳያት ተሪፉ ከምዘሎ ዘካትዕ ኣይኰነን። ለውጢ ንምምጻእ ንኪዳን ናብ ብቑዕን ኣድማዕን ውድብን ንምስግጋሩ ብዙሕ ክስራሕ ዝግብኦ ነገራት ከምዘሎ ርዱእ ኢዩ። ብርእይቶና፡ ኪዳን ናይ ዝተፈላለየ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ልፍንቲ ደኣ'ምበር፤ ናይ ተመሳሳሊ ወይ ሓደ ዓይነት መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ልፍንቲ ኣይኰነን። ስለዝኾነ ድማ፡ እቶም ሓደ ወይ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት፡ ሓደ ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ክምስርቱ ኣለዎም ዝብል ተረድኦ'ዩ ዘሎና። እዚ እንተደኣ ተዓዊቱ ድማ፡ ኪዳን ካብ ዘለዎ ንላዕሊ ሓይሉ ክወጽእ ምኽኣሉ ኣይንጠራጠርን ኢና። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ድሕሪ ገለ ሳምንታት ክካየድ መደብ ተታሒዝሉ ዘሎ ጕባኤ ኪዳን ውን፡ ገለ ለውጥታት ከምጽእ ትጽቢት ይግበረሉ ኣሎ። ቻርተር ኪዳን ኣብ ዝተሓተ ኵሎም ኣባላት ውድባት ዝሰማምዓሉ መደብ ዕዮ ዝተመርኰሰ ክኸውን ናይ ውድብና ባህጊ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ስርዒታዊ ቅዋማቱን ኣሰራርሓኡን ለውጥታት ከተኣታቱ ትጽቢት ይግበረሉ ኢዩ። ኣመራርሓ ኪዳን ብመትከል ናይ ግልጽነትን ምትሕስሳብን ብቑዕ ሰብ ኣብ ብቑዕ ቦታን ክግዛእ ተደላዪነቱ ዕዙዝ ኰይኑ ኣሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ ሓድሽ ደምን ሓድሽ ኣተሓሳስባን ምትእትታው ውን፡ ኣብ ምሕያል ኪዳን ዓቢ ተራ ከምዝጻወት ርዱእ ኢዩ። ብሓጺሩ፡ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ኣብ ቅርጻኡን ቅዋሙን ቻርተሩን የድልዮ ኣሎ። ጕባኤ ኪዳን፡ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረ፡ ሕጂ ዝተኣታቶ ዘሎ ቅርጻ ስለዝኾነ፡ ካብኡ ዝምረጹ መራሕቲ፡ ኣብ ቅድሚኡ ተሓተትቲ ክኾኑ ምኻኖም ፈሊጦም፡ ሓላፍነቶም ብግቡእ ክፍጽሙ ክድርኾም ኢዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ብርእይቶ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኵሎም ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝኾኑ ሲቪላዊ ማሕበራትን ጋዜጠኛታትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተጣበቕቲ ማሕበራትን ወከልቶም ብምልኣኽ ከም ተዓዘብቲ ዝሳተፍዎ ግሉጽ መድረኽ ክኸውን ኣለዎ ዝብል ኢዩ። ዋላ ኪዳን ብወጻኢታቱ መንዓዝያኦም ክሸፍን ዘኽእል ዓቕሚ እንተዘይብሉ፡ መዳቕሶኦምን መግቦምን ክኽእል ከምዘለዎ ኢና ንርኢ። ኪዳን፡ ኣብ መጻኢ መድረኽ ቀዳምነት ክህቦምን ብትኹረት ክሰርሓሎም ዘለዎን መዳያት ናይ ቃልሲ፡ ዶብ ሰገር ናይ ምንቅቓሕን ምውዳብን ስርሓት ምስልሳልን፥ ንስርዓት ኢሳያስ ዘሕምሙ ስርሒታት ምክያድን ዜናውን ዲፕሎማስያውን ዕዮ ምጽዓቕን ዘጠቓለለ ክኸውን ኣለዎ እብል።

## ምምስራት ሰፊሕ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ...

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጕባኤኡ ነዚ ውሳኔ ከጽድቕ ዝተመርኰሰሎም ሓቅታት ምብራህ ኣገዳስነት ዘለዎ ኰይኑ ይስምዓኒ።

- ንሕና እሱራት ናይ ሕሉፍ ታሪኽ ክንከውን የብልናን። ተሓኤ፡ ህግሓኤ …ወዘተ ዝብል ፍልልይ ልክዕ ታሪኽና ኢዩ፡ ኣብኡ ተኣሲርና ንመጻኢ ምጥማት ግን ቅኑዕ ከምዘይኰነ ኢና ርኢናን ገምጊምናን። ጭቡጥ ምስክርነት ናይ'ዚ ድማ፡ ኣብ መጻኢ እንታይ ይገበር ወይ መደብ ዕዮና እንታይ ይኹን ኣብ ዝብል ሕቶ፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝጸንሑ ተቓለስትን ኣብ ተሓኤ ዝነበርና ተቓለስትን ሓደ ኣርኣእያ ኢዩ ዘሎና። ኤርትራ፡ ፍትሕን ማዕርነትን ሰላምን ብልጽግናን ዝሰፈና፡ ሰብኣዊ መሰላት ዝኽበረላ፡ ናይ እምነትን ኣምልኾን ናጽነት ዝኽበረላ ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ቅዋማዊት ዲሞክራስያዊት ስርዓት ክተከውን ኢና ንደሊ። ኣብ ሕሉፍ እንተደኣ ተመሊስና ግን፡ ፍልልያት እምበር፡ ብሓባር ዘስርሓና ረቛሕትታት ኣብ ምርካብ ከጸግመና ኢዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ኵላትና ነንታሪኽና ክንከላኸል እንግደደሉ ኵነታት ኢዩ ክፍጠር። ስለ'ዚ፡ ታሪኽ ንመምሃሪ ክኸውን ንተረኽቲ

ገዲፍና፡ ንሕና ንቕድሚት፡ ብዛዕባ ጽባሕ ንሕሰብ ኢና ንብል ዘሎና።

• ተሓኤን ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ዝብል ፍልልይ ዝተሰረተ ሰልፊ፡ ንመላእ ህዝብና ዝውክል ሰልፊ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ተሓኤ ካብ ሜዳ ድሕሪ ምውጽኣ ዝተወልዱ፡ ንተሓኤ ዘይፈልጡ መንእሰያት ኣለዉ። እዚኣቶም፡ ብዛዕባ መጻኢ ኤርትራ ርእይቶ ኣለዎም፡ ናብ ተሓኤ ንዑ እንተተባሂሎም ግን፡ ከመጽሉ ዝግድዶም ምኽንያት የብሎምንን። ህዝባዊ ግንባር ውን ከምኡ፡ ድሕሪ 1994 ዝተወልዱ፡ ሎሚ ደቂ 13 ኰይኖም ኣለዉ። ብዛዕባ ታሪኽ ናይ ህዝባዊ ግንባር ብዙሕ ዝፈልጥዎን ናትናዩ ኢሎም ዝማጐትሉ ምኽንያትን የብሎምን።

• ሓደ ወይ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ካብ 5 ዘይውሕዱ ውድባትን ኣብ'ቲ መደብ ዕዮ'ቲ ዝኣምኑ ብዙሓት ውድባት ወጻኢ ዝኾኑ ጕጅለታትን ውልቀሰባትን ኣለዉ። እዚ ኣተሃላልዋ'ዚ፡ ቅኑዕን ቅቡልን ኣይኰነን። እዞም ውድባትን ጕጅለታትን ውልቀሰባትን እዚኣቶም ሓደ ሰልፊ ክምስርቱ ክበቕዑ ኣለዎም በሃልቲ ኢና። ነዚ ዘብለና ምኽንያት ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ጽባሕ ንውድድር ናይ ሰልፍታት ዘፍቅድ ኩነታት እንተደኣ ተፈጢሩ፡ እዞም ውድባት እዚኣቶም ንሓደ መደብ ዕዮ በብወገኖም ናብ ህዝቢ ከውርዱን ንዓይ ምረጹን ድዮም ክብሉ!!!? ከም'ዚ እንተደኣ ኰይኑ፡ ኣብ ናይ ጽባሕ ምርጫታት ክዕወቱ ከምዘይኰኑ መብርሂ ዘየድልዮ ርኡይን ርዱእን ጕዳይ ኢዩ። ንጽባሕ ከዐውቶም ዘይክእል ኣገባብ፡ ንሎሚ ውን ከዐውቶም ከምዘይኰነ ድማ፡ ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል ካልእ ሓቂ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ካብ ሕጂ ኣብ ሓደ ሰልፊ ንኽጥርነፉ ክጽዕሩ ይግባእ። ከምኡ ምስ ዝገብሩ ጥራሕ ከኣ'ዩ እቲ ህዝቢ ነቲ ኣብ መንጎ ውድባት ዘሎ ፍልልያት ክንጸረሉን፥ ኣብ ዝመረጾ ውድብ ንኽሳተፍን ዝኽእል።

ናይ ህዝብና ድሌት ኣብ ሓድነትን ከምኡ ውን፡ ሓድነት ሓይሊ'ዩ ዝብል እምነትን ዝደረኸ ኢዩ። ኪዳን ክሕይል ኣለዎ ዝብል እምነት ውን ካብ'ዚ ኣርኣእያ'ዚ ኢዩ ዝነቅል። ብዛዕባ ምምስራት ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ብዝምልከት፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ድሕሪ ምዝዛም 6ይ ሃገራዊ ጉባኤኡ፡ ናይ ድህሰሳን ሓበሬታን ሽማግለታት ኣብ ኲሉ ኲርንዓት ናይ ዓለም ብምቛም፡ ምስ ሲቪላዊ ማሕበራትን ናይ ዜና ማዕከናትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበራትን፡ ከምኡ ውን ምስ ምሁራትን መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ወዘተ ክራኸብን ርእይቶኦምን ለበዋታቶምን ክሰምዕን ጀሚሩ ኣሎ። ከምኡ ውን፡ ብደረጃ መሪሕነት ውድብ፡ ምስ መራሕቲ ናይ ዝተፈላለያ ተቓወምቲ ውድባት እናተራኸበ ይላዘብ ኣሎ። ክሳዕ ሕጂ ተኻይዱ ዘሎ ርክባት ድማ፡ ዘተባብዕን ዝጭበጥ ፍርያት ክርከብ ከምዝኽእልን ዝሕብር ኢዩ። ብሓፈሻኡ ድማ፡ ነዚ ሓሳብ'ዚ ዝጻረር ርእይቶ ካብ ዝኾነ ይኹን ሸነኽ ዘይምምጻኡ፡ ነቲ ዝብሃል ዘሎ ሰልፊ ንምምስራት፡ ናይ ኲሉ ጽቡቕ ድሌትን ካብ ህልኽን ተጻይ መልስን ዝርሓቐ ብሱልን ሓላፍነታውን ግደ እንተተሓዊስዎ፡ ግብራዊ ክኸውን ዘኽእሎ ጥጡሕ ባይታ ኣሎ ማለት'ዩ ዘስምዕ።

**ኲነታት ህዝብና ……**

ናይ ህዝብና ናይ መነባብሮ ኲነታት እናኸፍኤ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። መግቢ፡ ነዳዲ፡ መብራህቲ ኲሉ ብመስርዕ ወይ ብኩፖን'ዩ ኰይኑ፤ ስራሕን ትምህርትን ካልእ ኣገልግሎትን ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል። ኣብ ርእሲ ዜጋታት ዝፍጸም ግህሰታት ውን እናዛየደ'ዩ መጺኡ። ደቕኹም ኣህዲምኩም እናበልካ ምቕጻዕን ምእሳርን፤ ንሰዓብቲ ንኣሽቱ ሃይማኖታት ምስዳድ፡ ነተን ዓበይቲ ድማ ከፋፊልካ ምግዛእ፤ ጋዜጠኛታት ምእሳር፤ ኰብሊሎም ወይ ክሃድሙ ተረኺቦም ኢልካ ምርሻን ...ወዘተ ዕለታዊ ተርእዮ'ዩ ኰይኑ ዘሎ። ከም ውጽኢቱ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ዝርከብዎም መንእሰያት ብብዝሒ ክስደዱ ይርኣዩ ኣለዉ።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ህዝቢ ኣብ'ቲ ስርዓት ዝነበሮ እምነት ጠሪሱ ባይታ ዘቢጡ'ዩ። ቅድም ክብል ነቲ ስርዓት ብዕግበት ዝህቦ ዝነበረ ነገራዊ ይኹን ሞራላዊ ደገፋት ኣዝዩ ነክዩ ኢዩ። ሎሚ በቲ ስርዓት ዘየማርርን እዞም ኣብ ደገ ዘለዉ ተቓወምቲ ገለ ለውጢ ከምጽእሉ ዘይጽበዩን የለን። ካብ'ዚ ሓሊፉ፡ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ደፊሩ ስጕምታት ክወስድ ጀሚሩ ኣሎ። ኣብ

ጸዓዘጋን ዓዲ ባ'ዃ'ዃይን ወቐርትን ዝተፈጸመ ናይ ሰበ-ስልጣን ንብረት ምቅጻል ብቐሊሉ ዝግምገም ኣይኰነን። እዚ ቍልዒ ናይ ተቓውሞ'ዚ ናብ ዓቢ ባርዕ ክሰጋገር ም'ዃኑ ኣይንጠራጠርን ኢና። ብተወሳኺ፡ ህዝቢ ዘካይዶ ብዙሕ ዓይነት ናይ ዘይተወደበ ተቓውሞታት ኣሎ። ኣይትተኣከቡ ዝብል መምርሒ ጥሒሶም ዝእከቡ ሰዓብቲ ዝተፈላለያ ዝተኣገዳ ሃይማኖታዊ ጉጅለታት ኣለዉ፤ ካብ ኤርትራ ንስራሕ ወይ ንትምህርቲ ኢሎም ዝወጹ፡ ናብ ሃገሮም ኣይምለሱን ኢዮም፤ ብሕማምን ካልእ ም'ኽንያታትን ኣመሳሚሶም ካብ ኣስገዳድ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ምፍጻም ዝምልጡ፤ ናብ ሳዋ መታን ከይከዱ ኲነ ኢሎም ኣብ ትምህርቶም ዝወድቁ ....ወዘተ ኣለዉ።
ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን ዝገብርዎ ተቓውሞታት ድማ፡ ኵሉ ዝርእዮን ዘሰምዖን ዘሎ ጉዳይ ስለዝ'ኰነ ምግላጹ ኣድላዪነት የብሉን። እቲ ቀደም 2% ዝ'ኸፍል፡ ወርቅን ገንዘቡን ጉልበቱን ዝውፈ ዝነበረ ደጋፊ ናይ'ቲ ስርዓት ከይተረፈ ውን፡ ኣበርክቶኡ እናነከየ'ዩ ክ'ኸይድ ተራእዩ። ስለ'ዚ፡ ህዝብና ኣይቃወምን'ዩ ዘሎ ዝብል ኣበሃህላ ቅኑዕ ኣይኰነን።

### ሰራዊት ኤርትራ...

እቲ ስርዓት ዝምርኰሰሉ ሸነ'ኽ እቲ ወተሃደራውን ጸጥታውን ሓይልታት'ዩ። ካብኡ ን'ኻብኡ ውን፡ እቶም ላዕለዎት መኳንንቲ ኢዮም። እቲ ተራ ወተሃደር፡ ዕድል እንተረ'ኺቡ ካብ'ቲ ዝነብሮ ዘሎ ናይ ባርነት መነባብሮ ክምልጥ ክፍትን'ዩ ዝርአ። ክምልጥ ተረ'ኺቡ ተባሂሉ ዝእሰርን ዝርሸንን ውን ማእለያ የብሉን። እቲ ስርዓት፡ ነቶም ጀነራላቱን ኰለነላቱን መታን ኣንጻሩ ከይብገሱ ብገንዘብን ጥዑም መነባብሮን ብሓደ ሸነ'ኽ፤ በቲ ካልእ ሸነ'ኽ ድማ ከፋፊሉ ክገዝኦም'ዩ ዝፍትን። ሓንሳብ ንሓደ የቕርብ፡ ጽንሒ ኢሉ ንዕኡ ኣደብዝዞ ኣቢሉ ን'ኻልእ ክ'ኹልዕ ኢዩ ዝርአ። ሕጂ ግን፡ ኣብ ገለ ካብኣቶም ውን፡ ሕዱር ጥርጣረ ከጥሪ ከምዝጀመረ'ዩ ዝዝረብ። እዚ ከኣ ዘይተርፍ'ዩ። እገለ ተኣሲሩ፡ እገለ ሃዲሙ፡ ወይ ተቐቲሉ እንሰምዓሉ ግዜ ርሑ'ቕ ኣይኰነን። ም'ኽንያቱ፡ ኢሳያስ፡ ዘይተንከፎምን ዘይተጋጨወሞምን ክፍልታት ናይ ህዝብና እንተልዮም እዞም ጀነራላትን ኰለነላትን እዚኣቶም ኢዮም። ብሓፈሻኡ ክኣ፡ እቲ ወተሃደር ኣብ ሰራዊት ምቕጻል ይ'ኹን ናይ ምውጋእ ሞራል ይ'ኹን ድሌት የብሉን ክበሃል ይከኣል።

## ጸብጻብ
## ፎረም ዲሞክራስያዊ ልዝብ-መልበርን

**ጭርሖታት ፎረም፡-**

**ሕድሪ ስውኣትና መሰረት ዓወታትና'ዩ፤**
**ዲሞክራስን ፍትሕን ዝሰፈናን ዘተኣማምን**
**ርግኣት ንህዝብና እተረጋግጽን ቅዋማዊትን**
**ናጻን ኤርትራ ንምህናብ ብጽንዓት ንቃለስ፤**

**ኣልናህዱ-መልበርን**
20.01.2007




ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ውድባትን ኣብ መንጎ ኣብ ስደት ዝርከብ ህዝብናን ዝነበረ ምርሕሓ'ቕ ሰቢሩንን፡ ነቲ ሰፊሑ ዝነበረ ድስኩል ሃዋህውን ኣበራቢሩን። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ከተማ መልበርን ዝምጉስ ንጥፈታት፡ ብፍላይ ድማ፡ እቲ ብስውእ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ዝምራሕ ልኡ'ኽ ኣብ ኣውስትራልያ ዝገበሮ ታሪኻዊ ዑደት ብምክያድ ምስ ህዝቢ ዘለዎ ምትእትታውንን ምትእስሳርን ኣመስኪሩ። ኣብ ዝሓለፈ 4 ኣዋርሕ ድማ፡ ብኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ዝ'ኾኑ ብጾት ሃይለ ገብሩን ዓብደልቓድር ህብትየስን እተመርሐ ንውጽኢት ናይ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምብራህን ንምግላጽን እተጻውዐ ሰሚናር ዘጠቓለለ ብርክት ዝበለ ንጥፈታት ኣብ ከተማ መልበርን ተ'ኻይዱ። ከምኡ ውን፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ምስ ጠለባት ናይ'ዚ ህልዊ መድረ'ኽ'ዚ ዝሳነን፤

ንውድቀት ናይ ዲክታቶርያዎ ስርዓት ዝዓለመን፤ ድሕሪ ውድቀት'ቲ ስርዓት ክሰላሰል ንዘለዎ መደባት ዝቐርጽን ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምህናጽን ንውድቡ ኣፍሪሱ ብሓድሽ ፖለቲካዊ ሰልፊ ንምትካኡን ተበጊሱ ክምዘሎ ብወግዒ ኣዊጁ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብኣጋጣሚ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ (ዝኽሪ ተጋሩባ)፡ ኣገዳሲ ሰሚናር ኣካይዱ። ሕጂ ድማ፡ ብመሪሕነት ጨንፈር መልበርን ብውሕሉልን ዝነኣድን ኣገባብ ዝተሰናድአ ዲሞክራስያዊ ናይ ልዝብ ፎረም ኣሰላሲሉ።

ብቀዳም ዕለት 27.01.2007 ብቐትሪ ክጠራቐሙ ዝጀመሩ፡ ብኣዳለውቲ ናይ'ቲ ፎረም ብጥንቃቐ እተመርጹ ዕዱማት፡ ነቲ ኣኼባ ዝካየደሉ ኣደራሽ ክመልእዎ ተራእዩ። ኣብ'ዚ ኣገዳሲ ኣኼባ ንምስታፍ ካብ ዝተፈላለያ ኣውራጃታት ኣውስትራልያ ዝመጹ ዕዱማት ውን ነበሩ።

ኣብ'ዚ ፎረም'ዚ፡ ከም መበገሲ ናይ ክትዕ ክኸውን ተባሂሉ፡ ኣቓዲሙ ተዳልዩ ዝጸንሐ ሰለስተ ወረቓቕቲ ቀሪቡ። ከምኡ ውን፡ ብዛዕባ ስርሓት ሲቪላዊ ማሕበራት ኣብ ኣውስትራልያ ዝገልጽ ራብዓይ ወረቐት፡ ኣብ'ቲ ሰሚናር ቀሪቡ።

ዶክተር ብርሃን ኣሕመድ ዘዳለዎ ቀዳማይ ወረቐት፡ ከመይነት ኣሰራርሓ ስርዓት-መንግስቲ ኣብ ኣውስትራልያን፤ ሃገር ኣብ ምምሕዳር፡ ካብ ኣውስትራልያ ክንመሃሮ እንኽእል ተመኩሮን ዝገልጽ ወረቐቱ ኣቕሪቡ። ኣስዒቡ፡ ዶክተር ሰላሕ ኢብራሂም፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ብዝምልከት ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ዝተገብረ ምዕቡል ስነፍልጠታዊ ምርምርን ዘጠቓለለ ሰፊሕን ኩሉ መዳያውን መግለጺ ዝሓዘለ ጠቓሚ ወረቐት ኣቕሪቡ። እዚ መጽናዕቲ'ዚ ድማ፡ ነቲ ወኪል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብትኹረት ዘልዓሎ ጉዳይ ናይ ዕዳጋዊ ምጣነ-ሃብቲን ፍትሒ ንጽጉማት ሽነኻትን ምርግጋጽን ዝብል ኣምር፡ ናይ'ቲ ንምምስራቱ ዝሕለን ዘሎ ሰልፊ መምርሒ ንምግባሩ ኣብ ዝካየድ ናይ መዛዘሚ ናይ ምትዕርራይ ስርሓት (formulation)፡ ናቱ ጽልዋ ክህልዎ ምዃኑ ብሩህ ኢዩ።

እታ ቀንድን ሳልሰይትን ወረቐት እታ ብዛዕባ ምምስራት ሰልፊ ብዝምልከት ዘሎ ኣጠማምታን ሓፈሻዊ ትልምታትን እትገልጽ ብተጋዳላይ ሃይለ ገብሩ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ወኪል ውድብ ኣብ ኣውስትራልያን ዝቐረበት ኢያ። ተጋዳላይ ሃይለ ኣብ መግለጺኡ፡ ነቲ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ኣብ ምሕያልን፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን እንኽተሎ ኣገባብን፡ ሓድሽ ኣተሓሳስባ ዝሰረቱ ሳልሳይ መንገዲ ክኸውን ይግባእ በለ። ኣብ'ቲ ተጋ/ሃይለ ዘቕረቦ ወረቓቕቲ ሰፊሩ ዝነበረ ሓሳባት፡ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ኣብ ሓደ ሰልፊ ክጽንበሩ ከምዘለዎምን፤ እዚ ዕማም'ዚ ንጽባሕ ዘይብሃሎ ናይ ሎሚ ዕማም ምዃኑን ዝሕብር ነበረ። እቲ ሳልሳይ ኢሉ ዝጸውዖ መንገዲ፡ ካብ ውርሻታትናን ቃልስታትናን ተመኩሮታትናን ጅግንነትናን ካብ ዓወታትናን፡ መን ኣረጋጊጽዎ ብዘየገድስ፡ ዝመንጨወ ክኸውን ከምዝግባእን፤ ካብ'ቲ ኣዝጊብናሉ ዝጸናሕና ናይ ቀደም ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ክንወጽእ ዝዕድምን ነበረ። ከምኡ ውን፡ እቲ ሳልሳይ መንገዲ፡ ንናኣሽቱ ይኹን ንዓበይቲ ዘይፈላሊ ንረብሓ ናይ ኩሉ ዘገልግል (win-win-win) ሃገራውን ዓለማናውን ኣቕጣጫ ዝኽተል ክኸውን ኣለዎ ኢሉ። እቲ ዘቕረቦ ወረቐት ድማ፡ እቲ ቍጠባዊ መርሆ ናይ ዕዳጋ ውድድር ኰይኑ፡ እቲ መንግስቲ ወይ ሰልፊ ግን፡ ንረብሓ ናይ ድኻታትን ውጹዓትን ሽነኻት ውን ክሰርሕ ከምዘለዎ ዝእምት ነበረ።

ብዛዕባ'ቲ ፖለቲካዊ ሰልፊ ብዝምልከት ከኣ፡ ብቐዳምነት ንገዛእ ርእሱ ናይ ዓወት መሳርሒ ዝውንንን፥ ከምኡ ውን፡ ካልኦት ንዘረጋግጾ ዓወታት ዘመጉስን፥ ንግደ ናይ ቅድም ኢሎም ክጋደሉ ዝጸንሑን ዝጋደሉ ዘለዉን ገዳይም መራሕቲ ዘኽብርን ሓድሽ ደም ኣብ'ቲ ሰልፊ ዝሕውስን ክኸውን ኣለዎ። ምሕዳስ ክበሃል ከሎ ግን ኣተሓሳስባ ድኣ'ምበር ዕድመ ጥራሕ ማለት ከምዘይኰነ ርዱእ ክኸውን ይግባእ ኢሉ።

ንኣገባብ ኣሰራርሓ ብዝምልከት ድማ፡ ካብ ሕሉፍ ዝተፈልየ ክኸውን ከምዘለዎ፤ እዚ

ማለት ድማ ካድራትን መራሕትን ኣባላትን እቲ ሰልፊ፡ ናይ ምንቅቓሕን ምልመላን ኮርሳት እናወሰዱ ንነብሶምን ነቲ ሰልፎምን ዘማዕብልሉ ዅነታት ክፍጠር ኣለዎ ኢሉ። ብሓደ ራእይን ብሓደ ስትራተጂን ዝተዓጥቀ ሰልፊ ክንውንን እንተደኣ በቒዕና ድማ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኵነታት እንተወዲቑ፡ ነቲ ዝፍጠር ባዶነት ንምምላእ ብቕዓት ኣሎ ማለት'ዩ ክብል ኣረዲኡ።

ተጋዳላይ ሃይለ ገብሩ ዘቕረቦ ወረቐት፡ መሰረት ናይ ሓድሽ ሓሳባትን ምስ'ዚ መድረኽ ዝሳነ ሓድሽ ስትራተጅን ዝውንን ሰልፊ ንምምስራት ዝሕግዝ እተማልአ ርእይቶን ንመጻኢት ዲሞክራስያዊትን ናጻን ኤርትራ ዝጠቅምን ሓሳብ ዝሓዘለ ኢዩ። ተጋዳላይ ሃይለ ገብሩ፡ ብልዙብን እሩምን ኣገባብ ንሰማዕቱ መልእኽቱ ናይ ምምሕልላፍ ብቕዓት ስለዘለዎ፡ ኣኼበኛታት መብርሂታት ይኹን ርእይቶ ኣብ ዝህብሉ ዝነበሩ እዋን ናብኡ ብዝያዳ የተኵሩን ምስኡ ይተሓባበሩን ነይሮም።

ብሓፈሻኡ፡ ብሃገራዊ ዕማም ዝግደስ ሰፊሕ ክፋል ህዝብና ኣብ ምምስራት ሓድሽ ፖለቲካዊ ሰልፊ ዘሳትፍ፡ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተወስደ ተበግሶ፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ናይ መጀመርያ ሓድሽ ኣገባብ ኢዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ከኣ ናይ ዝበዝሑ ኣካላት ናይ ህዝብና ሓሳባትን ባህግታትን ዝውክል ሓያልን፤ ናይ ዝሰፍሐ ህዝቢ ደገፍን ተቐባልነትን ዘለዎ እተማልአን ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ዝውንንን፤ ሃገር ንምምራሕ ብቅዓት ዘለዎ ፖለቲካዊ ሰልፊ ንምምስራትን ዘኽእል ኢዩ።

ብዛዕባ'ቲ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ከተማ መልበርን ዘካየዶ ሰሚናር ክነመሓላልፎ እንኽእል ናይ መጀመርያ ስእሊ እዚ'ዩ። ኣብ መጻኢ ድማ፡ መታን ኵሉ በቲ ዝተኻየደ ሰሚናር ክርባሕ፡ እቲ ናብ ሰሚናር ዝቐረበ ወረቓቕቲ ክንዝርግሕ ኢና።

ኤርትራዊ ማሕበረ-ኮም ኣብ ኣውስትራልያ፡ ንመሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ነቶም ካብ ዝተፈላለዩ ኣውራጃታት ዝመጹ ዕዱማትን ልክዕ ከም ሓደ ስድራ ቤታዊ ምሸት ብዝመስል ኣገባብ'ዩ ኣብ መደበሩ ኣስተናጊድዎም። ኣብ'ዚ ምሸት'ዚ ድማ፡ ኣኼበኛታት ናይ ሰላምን እንቋዕ ብደሓን ኣራኸበናን ሰላምታን ንምልውዋጥን፤ ብዛዕባ'ቲ ዝወዓልዎ ኣኼባ ከውግዑን ነቶም ዓደምቲ ከመስግኑን፥ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ጠቓሚ ሰሚናር ብቐጻልነት ክካየድ ኣለዎ ዝብል ለበዋታቶም ከስምዑን ዕድል ረኺቦም።

ከምኡ ውን፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብግዲኡ፡ ንመርገጻትን ግደን ዜናዊ ማዕከናት ብሓፈሻ፡ እተን ኣብ ኣውስትራልያ ዝመደበረን ናይ ኤርትራውያን መርበባት ኢንተርነትን (ፈረጆት፡ ያና፡ ኣል ናህዳን) ድማ ብፍላይ፡ ናይ መጕስ ምስክርነት ወረቐት ብምዕዳል ንግዲኦም ዘለዎ ክብል ዝበለ ኣድናቖትን ምስጋናን መጕስን ገሊጹ። ተጋዳላይ ሃይለ ገብሩ ኣብ ዝሃቦ ናይ ምስጋና ቃል፡ እዚ ንግደን ናይ'ተን ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝቃወማን ዓቢ ሃገራዊ ግደ ዝጻወታን ዘለዋ መርበባት ሓበሬታ ዝውሃብ ዘሎ ናይ መጕስ ምስክርነት ወረቐት'ዚ፡ ብኣቦ መንበር ውድብና ነበር፡ ስውእ ስዩም ዑቕባሚካኤል'ዩ ክፍረም ዝሕሰብ ነይሩ፤ እንተኾነ፡ በቲ ዘጋጠመ ሃንደበታዊ መስዋእቲ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ'ዩ ፈሪምዎ። ኣኼበኛታት፡ ነዚ ምስክርነት ናይ ምሃብ ሰናይ ምግባር'ዚ ብብርቱዕ ጭብጨባ ኢዮም ደገፎም ገሊጾም።

ንሕና፡ ኣብ ናይ ኤርትራውያን መርበባት እንነጥፍ ዘሎና ኣሕዋት ድማ፡ ንመሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ በዚ ዝወሰዶ ተበግሶ ምስጋናና እናገለጽና፤ በዚ ሒዝናዮ ዘሎና መርሆ ክንቅጽል ምኳና ቃል ንኣቱ። እቲ ተዋሂቡና ዘሎ ምስክርነት ድማ፡ ንተራናን ሓላፍነትናን ብዘተዓጻጽፈ ኢድ ክነዛይድ ከምዘተባብዓና ከነረጋግጽ ንፈቱ።

# ካብ ስርዓት ኢሳያስ ዘምለጡ
# መንእሰያት ካብ ዘስተንፍስዎ ሓቅታት

**ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ምስ ሓደ ካብ ስርዓት ህግደፍ ኣምሊጡ ንሱዳን እተሳገረ መንእሰይ ኣብ ሓደ እንዳ ሻሂ ናይ ሓንቲ ሱዳናዊት ከተማ ተራኺብ። ምስኡ ብዙሕ ኣዕሊለ። ካብቲ ንሱ ዝነገረኒ ገሊኡ ከካፍለኩም፡-**

***መጀመርያ ስሙ ምስ ሓተትኩዎ፡ ከምዚ ኢሉ ይንድር፡-***

“ስመይ እንታይ ኢልካዮ? ዝኾነ ዘይናተይ ስም ሃበኒ። እንታይ ስም ኣሎና? እንታይ ህይወት ኣሎና? እንታይዶ ተሪፉና’ዩ? ዘይሰብ በለኒ።.....ምእንቲ’ዚ ዲዮም ተቓሊሶም ኣቃሊሶምና? ተስፋይ ካልእ’ዩ ነይሩ። ብሕልፊ ድሕሪ 1991። ሕጂ እንታይ ተሪፉና? ወላ ሓንቲ። ....ብዛዕባ ስመይ ግን ወላ ንዝኸሪ ዝፈትዎ ሰብ ክኾነኒ ቢንያም ጸጋይ ኢልካ ጸውዓኒ። ንርእሰይ ፈሪሐ ኣይኮንኩን ስመይ ዝሓብእ ዘሎኹ። ምእንቲ ስድራ ቤተይ’ዩ። እንታይ ክወርዶም ከም ዝኽእል ዝፈልጦ ብዙሕ ኣሎኒ።”

<u>ብዛዕባ ዕድሜኻ.....?</u>

“ዕድመይ ኣይ ናይ መንእሰይ ኣይ ናይ ዓበይቲ ክትብሎ ትኽእል። 40 ዓመት ኣሎኒ። ብ1962 ተወሊደ። ወዲ 19 ዓመት ከሎኹ ብታሓሳስ 1981 ናብ ህዝባዊ ግንባር ተሰሊፈ።ወተሃደራዊ ትምህርቲ ኣብ ዓራግ ወሲደ፣ ኣብ ክፍሊ ሰራዊት 61 ተመዲበ። ብድሕሪኡ ኣብ ፓለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ወዘተ ኣገልጊለ... ኣብ ሜዳ ምስ ብዓል እቲ ሓሳዊ ዓሊ ዓብዱ ከይተረፈ ሰሪሐ፣ ክሳዕ እዚ ቀረባ ኣዛዚ ሓይሊ ኢየ ነይረ።... ክሳዕ’ዚ ቀረባ ዓመታት እውን <u>“ሃገር ድሓን ኣላ”</u> ካብ ዝብሉን፡ ሕቂ እናርኣዩዎ እተሰወሮምን ሰባት’የ ነይረ፣ ድሓር፡ ድሓር ዘይምስትውዓለይ ክገርመኒ ጀሚሩ። ኣብ ርእሰይ ምስ ወረደ።”

***ሃለዋት ህዝብና ሕማቕ’ዩ ክትብል ሰሚዐካ...፡-***

“ሕማቕ ጥራይ? ሕማቕ ሓደ ቃል’ዩ። ህዝብና ዝነብረሉ ኩነታት ብሓቂ ዘይጽወር’ዩ። ካብዚ ንላዕሊ ድኽነት ዘጥቅዖ ህዝቢ ኣብ ዓለም ኣሎ ክትብል ዘየድፍር ኢዩ። ስእነትን፡ ጥሜትን፡ ሕማምን፡ ፍርሕን፡ ማእሰርትን፡ ህድማን ሞትን ካብቲ ናትና ዝኸፍእ ኣብ ዓለም ኣሎ ኣይብልን። እዚ’ዩ እቲ ሃለዋት ሃገርና ብሓጺሩ።

**ኣብ ኤርትራ ሰብኣዊ ክብርን ድሕነትን የሎን ዝብል ድምጺ ሓያል’ዩ ዘሎ።**

“ወይ ክብሪ! ክብሪ ትመስክር። ክብርስ ትትረፍ እታ እናተሸቑረርካ ምንባር እውን ተሳኢና’ላ። ሃገር ብምልእታ ብኣባላት ጸጥታ መሊኣ። ሰብ ብጥቆማ እንተእሲርካ ገንዘብ ትኽፈል። ክሳዕ 50,000 ናቅፋ ንሓደ ሰብ ዝወሃበሉ ኩነታት ሰሪያም ኣሎዉ። ሰብ ብምእሳር ዝህብትሙ ኤርትራውያን ከም ዘለዉ ኣይትስሓት፣ መርገም’ዩ። ኣብ ከባቢ ኣስመራ ጥራይ ንበዓል ወዲ ቀሺ ሰደቂያስ፡ ንብዓል ‘ቅጫ’፡ ንበዓል ወዲ ሃንስ፡ ንብዓል ኮሎኔል ወዲ ወለላ ዘገልግሉ፡ እሞ ሰብ ኤእሲሮም ገንዘብ ዝገበሩ ምህላዎም ካብ ዝፈልጡ ኣነ ሓደ’የ። መሬት እንተወጊሓ ምስክር እጽዋዕ እኸውን። ዝእሰርን ዝመውትን ግን እቲ ሲቪል ጥራይ ኣይኮነን፣ ነቲ ወተሃደር ኢዩ ዝኸፍኦ። ኣብ ፍርዲ ምብጻህ የለን። ምርሻናት ወግሐ-ጸብሐ ኢዩ። መሳኪን ብዓል ዓርከይ ብንያም ተወልደ (ዓሰብ)።

**ኣብ ኤርትራ ከሎኻ ተኣሲርካዶ ትፈልጥ?**

“ተኣሲረ’ወ፣ ኩሉ ህዝብስ ዘይእሱር’ዩ። ኣብቲ ማእሰርትታት ናይ ቤት ጊዮርጊስ (ትሕቲ መሬት)፣ ዓዲ ንፋስ፣ ማይ ተመናይ፣ ማይ ሰርዋ፣ ቦርቦረላ (ጥቓ ፓራዲዞ)፣ ትራክ-ቢ ውዘተ እንተዘይኣብጽሑኻ ጥራይ ድዩ ኣይተኣሰርኩን ክብሃል? ኣነ’ኳ ኣብ መብዝሕትኡ ተዳጒነ ኢየ። ክቔጽረልካ፡ -

1. እታ ናይ ጂ-15 ምንቅስቓስ ካብ ትጅምር ‘ኣይጥዓየን’ ተባሂለ። ይመስለኒ ከኣ ኣይጥዐኹን። ዳርጋ ምስራሕ ከሊኦምኒ።ክፍሊ ሰራዊት 29 ትመስክር። ማእሰርተይ ብትራክ-ቢ (ጥቓ ቪላጆ ጀንዮ) ጀሚረዮ። ሓላፊ እሱራት ሃብተማርያም ሆየ ነይሩ። ካብ ኩሉ ጥሜትን ጽምእን ኢዩ ዝኸፍኣካ። ሕክምና ረስዓዮ። 800 እሱራት ኔርና። ብሰነን ሓምለን ናይ 2005 ጥራይ 120 መይቶም።

2. ዓዲ ኣብይቶ'ውን ጥዒመያ'የ። ሽንትን ቀልቀልን ኣብ መደቀሲኻ ከሎኻዩ። ቍጽሪ እሱር ብኣሽሓት ነይሩ። ጸላኢኻ ይርእዮ። ብዕድል ብጊዜ ህልቂት ዓዲ ኣበይቶ ኣብኡ ኣይጸናሕኩን።

3. ኣብ ማይ ተመናይ ንሓጺር ጊዜ ተኣሲረ። ናይ መርመራ ቦታ ስለዝኾነ ኸኣ ሕሱም ተቐጥቂጠላ። መስኪን መሓመድ (ወዲ ዓዲ ቀይሕ)፡ ሕጂ ይዝከረኒ። 'ካብ ስዑዲያ ስለምንታይ መጺእካ?' ብእትብል ሕቶ ጥራይ ተሳቕዩ፣ እታ ህይወቱ'ውን ኣብኡ ከሎኹ ሓሊፋ። መርገም'ዩ።

4. ማእሰርቲ ናይ ማይ ሰርዋ እሞ ግደፎ። ንሞት እናናፈቕካያን እናተጸበኻያን ኢኻ ነተን መዓልታት እተሕልፈን። ዓመትን ክልተ ወርሕን ኣብ ኮንተይነር ንሞት እናተጸበኹዋ ኣሕሊፈዮ። ብዕድል ሞት ጥቓይ ኣይቀረበትን። ብዓል መጀር ተስፉ እንድርያስ (ሻንብቆ) ምስ የማነ ካሕሳይ ከኣ 'ምሩኻት ጸላእቲ ሃገር' ገይሮም ይሕዙናን ይገንሑናን።'ነጻ ኤርትራ' ጉድ'ያ ትርኢ ዘላ። ኣብ 22 ኮንተይነራት 440 ሰባት፣ ኣብ ናይ ዚንጎ ማሕዩራት ከኣ 300 ዝኾኑ እሱራይ ኣብ ማይ ሰርዋ ነይሮም። ብጥሜትን ውጽኣትን ንኣይሽቱ ሕማማትን ዝመውት ግደፎ።

**ኣብ ኤርትራ ኣብዚ መወዳእታ ጊዜ ዝርኤኻዮ ሕማቕ ነገር እንታይ ነይሩ?**

"ምርሻን ብጾተይ። ኣብ ኣጋ መወዳእታ ነሓሰ 2006፡ ሽድሽተ ኰንና 'ዕንጨይቲ ይኣርዩ ኣሎዉ' እናተባሃልና ካብ 'ህይወት' ኮንተይነር ከነምልጥ ሃዲምና። ብጥይት ክልተ ኣትሪፎም፣ ኣርባዕተ ግን ኣምሊጥና። ኣብቲ ናይ ህድማ ኩነታት ከሎና፡ ሰለስተ ኣዋልድን ሓደ ወድን ካብ ኣባላት መበል 19 ዙር ናይ ሳዋ፡ ከማና ኣብ ህድማ እንከለዉ ኣብ ጥቓ ዓሊ-ግድር ብኣዛብእ ተበሊዖም።

**እቲ ዝኸፍኤ ተግባር ህግደፍ እንታ'ዩ ትብል?**

"ምኽንያት ተግባራት ህግደፍ እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ይኸፍእ። ግን እቲ ንሓቂ (ንታሪኽ) ብጻዕዳ ሓሶት ምቕያሩን፡ ምእንቲ ጊዚያዊ ጥቕሚ ንህዝብና ብብዙሕ መንገድታት ምጕጅጃሉን እቲ ዝኸፍኤ ተግባር ይመስለኒ። ንነዊሕ ጊዜ ሓማቕ ኣሰር ክገድፍ ስለዝኽእል።

-ብል የቐንየለይ ስም ኣልቦ/ሃገራዊ ብንያም ጸጋይ።

# ኣህጕራዊ ጸብጻብ 2007 ህዩማን ራይትስ ዎች

**ተረኽቦታት 2006፦**

ስርዓት ኢሳያስ፡ ካብ 2001 ኣትሒዙ ናይ ፖለቲካ ተቓናቐንቱ ብምእሳርን፡ ንብሕታዊ ፕረስ ብምዕናውን ዝኾነ ንመንግስታዊ ፖሊሲ ይጻረር'ዩ ኢሉ ንዝጠርጠሮ ባእታ ብምሕያርን ቀጻልን ዘይሕለልን መጥቃዕቲ ኣንጻር ዲሞክራስያዊ ትካላት ከካይድ ይርከብ ኣሎ። ዋላ'ካ ሲቪላውያን ማሕበራት ዝበሃላ እንተዘየለዋ፡ እቲ መጥቃዕቲ ኣንጻር ሰዓብቲ ሃይማኖትን ካብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ከምልጡ ዝፍትኑ ባእታታት ኣባላት ኣህጕራዊ ትካላትን ግን ክሳዕ 2006 ቀጺሉ።

ብ1997 ብሪፈረንደን ዝጸደቐ ቅዋም ኣብ ግብሪ ኣይወዓለን። ድሒሪ'ቲ ብ1993 ዝተረጋገጸ ናጽነት ዝተኻየደ ሃገራዊ ምርጫ የለን። ህላወ ናይ ዝኾነ ይኹን ተቓዋሚ ፖለቲካዊ ውድብ ፍቑድ ኣይኮነን። ናጻ ዝኾነ ናይ ዕዮ ማሕበራት ክህሉ ውን ኣይፍቀድን ኢዩ። ዘይመንግስታዊ ውድባት ብስሩዕ ኣገባብ ቀስ ብቐስ ከምዝፈርሳን ንብረተን ከምዝህገርን ተገይሩ ኢዩ። እተን ክሳዕ ሕጂ ዝሰርሓ ዘለዋ ኣህጕራውያን ማሕበራት ከኣ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ምክትታል ኢየን ዝርከባ። ዅሉ ናይ ሓበሬታ ምንጪታት ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር መንግስቲ'ዩ።

እቲ ናብ ናይ 1998-2000 ኣዕናዊ ውግእ ዘምርሐ ናይ ዶብ ምስሕሓብ ጌና መዕለቢ ኣየረኸበን። መንግስቲ ኤርትራ፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ዜጋታቱ ንዝፍጽሞ ጨቋኒ ፖሊሲታት ንምሽፋን'ዩ ዝጥቀመሉ። ኢትዮጵያ፡ ቅድሚ'ቲ ብኮሚሽን ዶብ ዝተዋህበ ብይን ኣብ ግብሪ ምውዓሉ፡ ብዛዕባ'ቲ ውግእ ንምብራዕ ምኽንያት ዝኾነት ባድመን ከባቢኣን ልዝብ ክካየድ ጠሊባ ኢያ። ኤርትራ ግን፡ ነቲ ብሚያዝያ 2002 ዝተዋህበ ብይን ኮሚሽን ዶብ ስለዝተቐበለት፡ እቲ ዶብ ብመላኡ ከይተሓንጸጸ ኣይላዘብን'የ ትብል ኣላ። እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ውግእ ዳግም ከይባራዕ ዝብል ስግኣት ኣብ

2006 ነክዩ ኢዩ። ኤርትራ ግን፡ ንተጻረርቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምዕጣቕ ደው ኣየበለትን። ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ 2006 ዕጥቕን ወተሃደራውያን መምህራንን ናብ'ቲ ንሞቓድሾ ዝተቛጻጸርን ንኢትዮጵያ ዝጻረርን እስላማዊ ኣብያተ ፍርዲ ናይ ሶማልያ ሊኢኻ ዝብል ናይ ኣመሪካን ሕቡራት ሃገራትን ጸብጻብ ኣሉታዊ መልሲ'ያ ትህበሉ።

**ጸቕጢ ኣብ ልዕሊ ፖለቲካዊ ተቓወምትን ናጽነት ናይ ምዝራብን**

ከድዓትን ሰለይትን ናይ ወጻኢ ሓይሊ መሳርሕን ብዝብል ምስምስ ብ2001 እተኣሰሩ ኣባላት ዝገዝእ ዘሎ ሰልፍን ሰበ-ስልጣን መንግስትን ጋዜጠኛታትን ክሳዕ ሕጂ ሃለዋቶም ኣብ ዘይፍለጠሉ ኣብያተ ማእሰርቲ ኢዮም ተታሒዞም ዝርከቡ። ብ2006 ሓንቲ መርበብ ናይ ኢንተርነት 31 ዝኾኑ መራሕትን ጋዜጠኛታትን ንምእሳሮም ኰነ ተባሂሉ ኣብ ርሑቕ ቦታ ኣብ እተሃንጸ ሸላታት ተኣሲሮም ኣለዉ ዝብል ዝርዝር ግን ዘይተረጋገጸ ሓበሬታ ኣውጺኣ። ብመሰረት'ቲ ጸብጻብ 31 እሱራት ኣብ'ቲ ቤት ማእሰርቲ ሞይቶም ካብኦም ሓደ ነብሱ ባዕሉ ቀቲሉ ይበሃል።

ናጽነት ናይ ፕረስ ስለዘየለን፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ካብ ደገ ዝፍነው ረድዮታት ኰነ ተባሂሉ ብንጹር ንኽይስምዑ ብመንግስቲ ዝግበር ዕንቅፋታት፥ ኤርትራውያን ብዘይካ'ቲ ናይ መንግስቲ ዜና ማዕከናት ዘመሓላልፎ ሓበሬታታት ካብ ካልእ ምንጪታት ሓበሬታ ክረኽቡ ኣይኽእሉን ኢዮም። ካብ ውሽጢ ሃገር ናብ ደገ ሓበሬታት ከይወጽእ ውን መንግስቲ ኵሉ ዝከኣሎ ጻዕርታት ይገብር ኢዩ። ሃገራውያን ናይ ሰብኣዊ መሰል ተኸራኸርቲ ማሕበራት የለዋን። ኣህጕራውያን ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ማሕበራት ውን ኣብ ኤርትራ ክነጥፉ ኣይፍቀደለንን ኢዩ።

**ናጽነት ናይ ሃይማኖት**

ብዘይካ ኦርቶዶክሳዊትን ካቶሊካዊትን ወንገላዊትን ኣብያተ ክርስትያናትን ኣብ ኤርትራ ዝጸንሐ እስልምናን ካልኦት ሃይማኖታት ብግንቦት 2005 ደው ከምዝብላ ተገይሩ ኢዩ። መንግስቲ፡ ሓደስቲ ኣብያተ ክርስትያናት ተቐባልነት ንምርካብ ጠለብ ከቕርባ ከምዝኽእል ክገልጽ'ኳ እንተጸንሐን፤ ብግብሪ ውን ንኽፍለጠለን ጠለብ ዘቕረባ ኣብያተ ክርስትያናት እንተነበራን፤ ክሳዕ 2006 ግን ዝተቐበለን ሓደስቲ ኣብያተ ክርስትያናት የለዋን። እንተደኣ ተመዝጊብና ኣባላትና ክሳደዱን ክሳጐጉን ኢዮም ካብ ዝብል ስግኣት ጠለብ ዘየቕረባ ወይ ዘይተመዝገባ ገለገለ ኣብያተ ክስርስትያን ውን ኣለዋ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ናይ ቃለ-ህይወት ቤተ-ክርስትያን ንብረት፡ ዋላ መዋእለ ህጻናትን ናይ ዘኽታማት መናበዪ ቦታታትን ከይተረፈ ብምሉኡ ከምዝወረሶ ይፍለጥ። ቃለ-ህይወት ካብ'ቶም ተመዝጊቦም ዝነበሩ ኣብያተ-ክርስትያናት ሓደ ኢዩ።

ኣብ 2006፡ መንግስቲ ንኣባላትን መራሕትን ናይ'ቶ ዘይተመዝገቡ ሃይማኖታዊ ጕጅለታት ኣሲሩን፥ ንመንበሪ ኣባይቶምን ዝጸልይሉ ዝምርዓውሉን ቦታታትን ሃጂሙን። በማእት ዝቍጸሩ ሰዓብቲ ናይ'ዘን ሃይማኖታዊ ጕጅለታት ኣብ ማእሰርቲ ይርከቡ ኣለዉ። ንሃይማኖቶም ወይ እምነቶም ከይከሓዱ፡ ካብ ማእሰርቲ ክወጹ ኣይክእሉን ኢዮም።

ኣብ ልዕሊ ሰዓብቲ ሃይማኖት ጆሆቫ ዝፍጸም በደል ድማ ሕልፍ ዝበለ'ዩ። ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣይንሳተፍን ኢና ስለዝበሉ ልዕሊ 10 ዓመት እተኣስሩ ኣለዉ። እቲ ሕጊ ግን፡ ካብ ሰለስተ ዓመታት ንላዕሊ ክእሰሩ የብሎምን'ዩ ዝብል። ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣይንሳተፍን ኢና ናይ ዝብሉ ዜጋታት ዝውሃብ ካልእ መተካእታ ኣገልግሎት ኣብ ኤርትራ የለን። ንሰዓብቲ ሃይማኖት ጆሆቫ፡ ኣብ መንግስታዊ ስራሕ ክቍጸሩ ይኹን ከም ናይ ስራሕ ወይ ንግዲ ፍቓድ ዝኣመሰለ መንግስታዊ ኣገልግሎት ክግበረሎም ኣይፍቀድን ኢዩ። ሃይማኖታዊ ምስንግ ኣብ ልዕሊ ንኣሽቱ ጕጅለታት ጥራሕ እተሓጽረ ኣይኰነን። ፓትሪያርክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን፡ መእሰሪ ምኽንያት ናይ ሰለስተ መራሕቲ ሃይማኖት ስለዝተቓወሙ ጥራሕ፡ ብ2006 ተኣሲሮም። እቲ ክሳዕ ዝሞቱ

ተዋሂብዎም ዝነበረ ስልጣን ድማ ብመንግስቲ ከምዝሕደጉ ተገይሩ። ብ2005 ዓ.ም እቲ ምምሕዳራዊ ስልጣኖም ብኻልኦት ነቲ መንግስቲ ዝድግፉ መራሕቲ ሃይማኖት ተተኪኡ ምንባሩ ውን ዝፍለጥ ኢዩ።

## ኣስገዳድ ዕስክርናን ግፋን ኢደ-ወነናዊ ማእሰርቲ ናይ ስድራ ቤታት

ካብ 18 ክሳብ 50 ዝዕድመኦም ኤርትራውያን ናይ ክልተ ዓመት ኣስገዳድ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክፍጽሙ ግድነት ኢዩ። ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተዋፈሩ ዜጋታት፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ወተሃደራዊ ዕማም፡ ኣብ ናይ ህዝባዊ ስርሓት ፕሮጀክትታት ውን ይሳተፉ ኢዮም። ከምኡ ውን፡ ኣብ ናይ ወተሃደራውያን መኰንናት ውልቃዊ ስርሓት ተወፊሮም ከምዘገልግሉ ውን ተደጋጋሚ ጸብጻባት'ዩ ዝበጽሓና። ካብ'ዚ ጽንኩርን መሪርን መነባብሮ'ዚ ንምምላጥ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 5 ዓመታት በሽሓት ዝቝጸሩ ኣብ ኣገልግሎት ዝተዋፈሩ መንእሰያትን ናይ ካልኣይ ደረጃ ተመሃሮን ክሃድሙን ክሕብኡን ተራእዮም ኢዮም። ብመሰረት ጸብጻብ ናይ ስደተኛታት ትካላት፡ ኣብ 2006 ዓ.ም ኣብ ነፍስወከፍ ወርሒ 700 ዝኾኑ መንእሰያት ናብ ሱዳን፥ 400 ዝኾኑ ድማ ናብ ኢትዮጵያ ክስደዱ ከምዝጸንሑ ተረጋጊጹ ኣሎ።

ካብ ክፍላ 2005 ኣትሒዙ መንግስቲ ኤርትራ ንወለዲ ናይ'ቶም ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘምለጡን ዝተሓብኡን መንእሰያት ክኣስር ጸኒሑ'ዩ። ኣዝማድ ናይ እሱራት ወለዲ፡ 3,500 ናይ ኣመሪካ ዶላር ዝመጣጠን ገንዘብ ከም መቕጻዕቲ ከፊሎም ጥራሕ'ዮም ካብ ማእሰርቲ ከውጽእዎም ዝኽእሉ። እዚ፡ ነታ ብመሰረት ጸብጻብ ዓለማዊ ባንክ ናይ ሓደ ዜጋ ዓመታዊ እቶት ካብ 220 ዶላር ዘይሓልፍ ሃገር ብዙሕ ኢዩ። ኣብ 2006 ድማ፡ እቲ ክኽፈል ዘለዎ መቕጻዕቲ ብዕጽፊ ከምዝወሰኸ ይንገር።

## ዅነታት ማእሰርትን ዓዘባን ሕማቕ ኣተሓሕዛን፡-

ብሰንኪ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ምስጓጓትን ኣብ ልዕሊ ካብ ኣገልግሎት ዘምልጡ ዜጋታት ዝፍጸም ሃድንን በሽሓት ዝቝጽር ህዝቢ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ተዳጕኑ'ዩ ዝርከብ። መብዛሕትኦም እሱራት ብዘይ ክስብ ብዘይ ፍርድን ምስ ሰብ ክራኸብሉ ኣብ ዘይክእሉ ኣብያተ ማእሰርቲ ኢዮም ዝሕበሱ። እሱራትን ንዓዘባን ስቅያትን ከምዝቃልዑ ዘረጋግጽ ቀጻሊ ሓበሬታ ኣሎ። ብሰንኪ ብዝሒ እሱራት ኣብያተ-ማእሰርቲ ክሳዕ ዓንቀሩ ስለዝመልአ፡ ቅልል ዝበለ ጕዳይ ዘለዎም ከም ኣባላት ዘይተመዝገቡ ሃይማኖታዊ ጕጅለታት ዝኣመሰሉ፡ ኣብ ብቐትሪ ከም ፎርኖ ዝረስኑ ብለይቲ ድማ ብቑሪ ዘንቀጥቅጡ ኮንተይነራት ኢዮም ዝእሰሩ። ጥሜትን ጕድለት ሕክምናን፡ ናይ ኣስገዳድ ዕዮን ውን ተወሲኩዎ ናይ ዓዘባን ስቅያትን መሳርሒ ኢዮም። ንዘይተወሰነ ግዜ፡ ኣብ ብሕታዊ ሸላታት ምእሳር ድማ፡ ኣካል ናይ'ቲ ስነ-ኣእሙራዊ ስቅያትን ማህሰይትን ንምውራድ ተባሂሉ ዝስርሓሉ ተግባር ኢዩ። ሽሕ'ኳ እሱራት ክፍትሑ እንክለዉ ብዛዕባ ዅነታት ማእሰርትን ኣብ ልዕሌኦም እተፈጸመ በደልን ከይዛረቡ ተሪር መጠንቀቕታ ይውሃቦም እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ዝፍጸም ግህሰታት ንደገ ይወጽእ ኢዩ።

## ናይ ምንቅስቓስ ናጽነት፡-

ኤርትራውያን ካብ ሃገሮም ንኽወጹ ናይ ፍቓድ ወረቐት (መውጽኢ ቪዛ) የድልዮም። ዕድመኦም ንሃገራዊ ኣገልግሎት ዝበጽሑ ዜጋታት ሳሕቲ ግዜ ኢዮም ናይ መውጽኢ ቪዛ ዝውሃቦም። ኣብ 2006 ሰበ-ስልጣን መንግስትን ኣባላት ስፖርታዊ ጋንታታትን ኣብ ዝኸድወን ሃገራት ዑቕባ ሓቲቶም ክተርፉ ተራእዮም። ከምኡ ውን ቅድሚኡ ኣብ ዝነበረ ዓመታት ዑቕባ ዝሓተቱ ሰበስልጣንን ኣባላት ናይ ስፖርት ጋንታታትን ነይሮም። ነዚ ደው ንምባል ናይ ወጻኢ ዝኸዱ ስፖርተኛታት ቅድሚ ምብጋሶም 7,000 ዶላር ትሕጃ ክኸፍሉ ከምዘለዎም ተገይሩ። ኣብ 2006 መንግስቲ ኤርትራን ንኹሎም ናይ ወጻኢ ዜጋታት ብዘይ ፍቓድ ካብ ኣስመራ ወጻኢ ከይንቀሳቐሱ ዝእግድ ሕግታት ገይሩሎም።

ቀንዲ ኣህጉራዊ ተዋሳእቲ፦

ናይ ሕቡራት ሃገራት ልኡኽ ኣብ ኢትዮጵያን ኤርትራን፡ ኣብ'ቲ 25 ኪ.ሚ ዝንውሓቱ ጸጥታዊ ክሊ ሰላም ዝዕቅቡ ሓይልታቱ ኣዋፊሩ ኣሎ። እዚ ሓይሊ'ዝን እቲ ጸጥታዊ ክልን ብመሰረት ስምምዕ ምቍራጽ ተጻብኦታት ናይ ክልቲአን ሃገራት ኢዩ ቈይሙ። ኣብ 2005 መንግስቲ ኤርትራ፡ ብባይቶ ጸጥታ ንዝተገብረሉ ተቓውሞ ዕሽሽ ብምባል፡ ንናይ ዓቃቢ ሰላም ሰራዊት ምንቅስቓሳት ደሪቱን ናይ'ቲ ዓቃቢ ሰላም ሀሊኮፕተራት ኣብ ሰማያት ኤርትራ ከይበራ ከልኪሉን። ኣብ 2006 መንግስቲ ኤርትራ ሓሓሊፉ ንኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክኣስር ተራእዩ። ገለ ድሕሪ ቍሩብ መዓልታት ክፍትሑ ከለዉ፡ ጌና ኣብ ማእሰርቲ ዝርከቡ ውን ኣለዉ። ኤርትራውያን ዜጋታት ናብ ኢትዮጵያ ከሳግሩ ተረኺቦም ዝተባህሉ ኣባላት ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ውን ካብ ኤርትራ ተባሪሮም ኢዮም። ብሰንኪ ናይ ኤርትራ ተጻብኦታትን ናይ ኢትዮጵያ ድርቅናን ብዝሒ ናይ ዓቃቢ ሰላም ሰራዊት ናብ ሓደ ሲሶ ወይ ከኣ 2,300 ክጐድል ተገዲዱ።
ብሰንኪ'ቲ ዘስካሕክሕ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፡ ኤርትራ ውሑድ ሰብኣዊ ደገፋት ጥራሕ'ያ ትረክብ። ኣብ 2005-2006 መንግስቲ ኤርትራ፡ ነቲ መግቢ ብስራሕ ዝብል ፖሊሲኣ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ንብዝሒ ናይ ተጸበይቲ ረዲኤት ካብ 1.3 ሚልዮን ብኢደ ወነና ናብ 70,000 ከምዝንኪ ገይራ። ኣብ ሓምለ 2006 ኮሚሽን ኣውሮጳዊ ሕብረት ብናይ ሕቡራት ሃገራት ትካላት ኣቢሉ ናብ ተጸበይቲ ክበጽሕ ዘበርከቶ ናይ 6 ሚልዮን ዩሮ ረዲኤት፡ ብዘይ ኣፍልጦኡ ክሸየጥ እንተደኣኰይኑ ከምዝቃወምን፤ መንግስቲ ኤርትራ 2.4 ሚልዮን ዩሮ ክኸፍል ክሓትት ምኺኑን ኣጠንቂቑ።

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ውን፡ ብ2001ን 2005ን እተኣስሩ ሰራሕተኛታት ኤምባሲኣ ስለዘይተፈትሑ፡ እቲ ትህቦ ዝነበረት ናይ ልምዓት ደገፋት ብከፊል ደው ከምዝብል ገይራ። ብመሰረት ጠለብ መንግስቲ ኤርትራን ናይ ዩ.ኣስ.ኣይድ (USAID) ንጥፈታት ኣብ ኤርትራ ብ2005 ደው ኢሉ። ከምኡ ውን፡ ኣመሪካ ነቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታት ዝፍጸም ናይ ምስንጋግ ተግባራት ብምቅዋም ኣብ 2005 ዝጀመረቶ ከፊላዊ ናይ ብረት እገዳ ውሳኔኣ ኣብ 2006 ውን ቀጺላቶ። ከም ተጻይ መልሲ ናይ'ቲ ንኣባላት ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኣስመራ ከይንቀሳቐሱ ዝእግድ ውሳኔ መንግስቲ ኤርትራ፤ ኣመሪካ ውን፡ ኣባላት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኣመሪካ ከይንቀሳቐሱ ዝእግድ ውሳኔ ኣብ ግብሪ ኣውዒላ።

ኣብ 2006፡ መንግስቲ ኤርትራ ን6 ናይ ጣልያን ዘይመንግስታዊ ውድባት ኣባሪራን ንብረተን ወሪሳን። ንመርሲ ኮርፕን (Mercy Corp) ኮንሰርን ዎርልድዋይድን (Concern Worldwide) ኣኮርድን (ACCORD) እተባህላ ዘይመንግስታዊ ትካላት ውን ኣባሪራ። ስርሐን ክቕጽላ ዝተፈቕደለን፡ ክልተ ናይ ጣልያን ዝርከባአን ካልኦት ዘይመንግስታዊ ትካላት ግን ኣለዋ።

ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣብ 2006 ናብ ቻይና ኣብ ዝገበሮ ዑደት፡ ናይ ቻይና ፕረሲደንት ንኤርትራ ቀጠባዊ ደገፍ ክገብር ምኻኑ ተመባጺዕሉ ነይሩ። ክሳዕ ሕጂ ግን ብተግባር ዝተራእየ ነገር የለን።

# ዜናዊ ጾብጻብ

## ውድባዊ ንጥፈታት

### 1. ቃለ መሓትት ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ናይ ወጻኢ ጋዜጠኛታት

ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዕለት 05.03.207 ምስ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝመደበራ እንግልዛዊት ጋዜጠኛ ባርባራ ጆነስ፤ ከምኡ ውን፡ ብዕለት 06.03.2007 ምስ ጆናታን ሩግማን፡ ዝተባህለ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ቻነል 4 ኒውስ (ITN) ቃለ-መሓትት ኣካይዱ። እቲ ቃለ መሓትት ብዛዕባ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራን ተቓወምቲ ሓይልታቱን ኵነታት ኤርትራን ዘጠቓለለ ኰይኑ፤ ብዛዕባ'ቶም፡ ካብ ሓምድ ዔላ ተጨውዮም ኣብ ዊዓማ ኣለዉ ዝብሃሉ ኣባላት ኤምባሲ ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ኢትዮጵያ ውን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ውን፡ ምስ ጋዜጠኛ ጆናታን ሩግማን፡ ብዛዕባ መንነት ስርዓት ኢሳያስን፡ ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ መሰላት ዝፍጽሞ ዘሎ ግህሰታትን፡ ኣብ ልዕሊ ጐረባብቲ ሃገራትን ክንዮኡን ክሳዕ ኣብ ኮንጎ ዘካየዶም ውግኣትን መብርሂ ሂቡ።

### 2. ኣውሮጳ ለኸ ሰሚናር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

„ባህጋታት ህዝብና ዘንዘባርቕ፡ ዕዙዝ ግደ ዘወፊ፡ ሰፊሕ ሰልፍ ንምምስራት ንቃለስ“ ኣብ ትሕቲ ዝብል እዋናዊ ጭርሖ፥ ኣውሮጳዊ ለኸ ሰሚናር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ 10-11 ለካቲት 2007 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኣብ ዝርከብ ክበብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ተኻይዱ። እዚ ሰሚናር'ዚ፡ ካብ ጨናፍር ሽወደን፡ ደንማርክ፡ ሆላንድ ዝመጹ ወከልትን፡ ኣብ ትሕቲ ዞባ ጀርመን ተጠርኒፈን ዘለዋ ጨናፍርን፤ ምኽትል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ሰለስተ ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ፡ ማለት ብጾት ኣሰፋው በርሀን ተኸለ መለኪንን ብርሃነ ተስፋጋብርን ካልኦት ኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ዝተኻፈልዎ ሰሚናር'ዩ ነይሩ። ወከልተን ዘይልኣኻ ጨናፍር ድማ፡ ወግዓዊ መልእኽትታትን ጸብጻባተንን ናብ'ቲ ሰሚናር ብምልኣኽ ተሳትፎአን ኣረጋጊጸን ኢየን። እዚ ንመበል ሳልሳይ ዓመቱ ዝካየድ ዘሎ ኣውሮጳዊ ለኸ ሰሚናር ዕዉት ምንባሩ ካብ'ቲ ቦታ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።



### 3. ሰሚናር ዞባ ጀርመን

ዞባ ጀርመን ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብዕለት 13 ጥሪ 2007 መላእ መሪሕነቱ ካብ ኵለን ኣብ ጀርመን ዝርከባ ጨናፍርን ጕጅለታትን፤ ከምኡ ውን ኣባት ሰውራዊ ባይቶን ዝተሳተፍዎ ኣገዳሲ ሰሚናር ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ሰሚናር ዝቐረቡ ናይ መዘራረቢ ነጥብታት ወይ ኣጀንዳታት፡

1. ህልዊ ኵነታት ዞባ ጀርመን፤
2. ውሽጣዊ ስነ-ስርዓት ውድብን ኣሰራርሓናን፤
3. ምምሕዳራዊ ጕዳያትን ኣብ'ዚ ዞባ ዝርከቡ ትካላት ውድብን፤
4. ኣብ ዝሓለፉ 8 ኣዋርሕ ዝተሰላሰሉ ኵሉ መዳያዊ ስርሓት፤

ህልዊ ኵነታት ውድብን ናብ ሰልፊ ናይ ምስግጋር ውሳኔ ጕባኤን ካልኦት ጕዳያትን ዘጠቓለሉ ነበሩ።

### 4. ዕዉት ስሚናር ጨንፈር ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ዓባይ ብሪጣንያ

ብዙሓት ሓደስትን ገዳይምን ኣባላት ዝተረኽቡሉ ሰሚናር ኣብ ዝተመደበሉ ሰዓትን ቦታን ብዕለት 28-01-2007, ኣብ ለንደን ተኻይዱ:: ነቲ ሰሚናር ዕምቀትን ሚዛንን ካብ ዝሃብዎ ረቛሒታት ድማ ብጻይ ኣሰፋው በርሀ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለንን ሓላፊ ቤት ጽሕፍት ስርርዓዊ ጉዳያት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ነቲ ኣኼባ ዝመርሖ ምንባሩ ኮይኑ፤ ተሳትፎ ዓበይቲ ካድራት እውን ኣወንታዊ ግዴኡ ነይሩዎ እዩ። ብ/ይ ኣሰፋው ነዞም ዝስዕቡ ኣርእስትታት ኣልዒሉ መብርሂ ብድሕሪ ምሃቡ ኣኼበኛ ብዝርዝር ተመያዩጡሎም።

1. ህሉዊ ኩነታት ህዝብናን ዘሕልፎ ዘሎ ምረትን፡ ዘሎ ወለዶ ተጠሊሙስ ዝመጽእ ወለዶ'ውን ክህሰ ምኻኑ ኣብሪሁ።
2. ኣብ ተቓውሞ ደምበ ብሓፈሻ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ድማ ብፍላይ ዘሎ ምዕባለታት፡
ሀ. መደባትን ውሳኔታትን ጉባኤ ተ.ሐ.ኤ-ሰ.ባ.- (ዝተቐየረ/ዝተመሓየሸ) ፍሉይ ኣትኩሮ ኣብ ጉዳያት መንእሰይን ደቂ ኣንስትዮን፤
ለ. ተቓዉሞ ደምበን ተነቢሩሉ ዘሎ ተስፋታትን ዝቃራረብ ዘሎ ጉባኤ ኪዳንን፤
3. ኣባል ዉድብን ግዴኡን፡ ካብ ሕጂ ጀሚሩ ክህልዎ ዘሎዎ ብቕዓትን፤ ግደ ናይ ህዝብና ኣብ ምቕራጽ መጻይ ዕድሉን ኣብ ምርግጋጽ መሰላቱን ንምዕዛዝ (empowerment of people) ብደረጃ ውብን ክንጻወቶ ዘሎና ተራ ምንጻርን፤

ብድሕሪ'ዚ ኣኼበኛ እዚ ዲክታቶርያዊ መንግስቲ ብዝፈጥሮ መጻብቦ እንተ ኣልገሰ ክፍጠር ዝኽእል ኩነታት ክሳብ ክንደይ ከም ዘሰክፎ ብምግላጽ፥ ግደ ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባ ብፍላይ ተቓውሞ ደምበ ድማ ብሓፈሻ፡ ምሕያል ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምኻኑ ብትኹረት ተመያይጥሉ።

ንቀጻሊ ኣኼባ ተዓሚሙ ክመጽእ ዘለዎ ነጥብታት ብድሕሪ ምዝርዛር ድማ፡ ኣኼባ ብዝኸሪ ሰማእታት ተዛዚሙ።

## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡-

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካብ 15-20 ለካቲት 2007 ካልኣይ ጠቕላላ ጉባኤኡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣካይዱ። ብውድባቶም ዝተወከሉ 48 ኣባላትን ካብ 16 ዘይውሕዱ ተዓዘብትን ኣብ'ቲ ጉባኤ ተሳቲፎምዎ ነበሩ።

ጉባኤ፡ ነቶም ቅድሚ ሕጂ ኣብ ቻርተር ኪዳን ዘስሓሕቡ ዝነበሩ ዓንቀጻት ኣመሓይሹ። ኣብ ምቛም መሪሕነት፡ ፍልልይ ስለዝተረኽበ ግን፡ ብሓደ ቻርተር ዝኣምኑ፡ ክልተ ክንፍታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ቆይሞም ኣለዉ። እቲ ሓደ ክንፊ ብሓው ሑሴን ኸሊፋ ዝምራሕ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ሸነኽ ድማ፡ ብሓው መንግስተኣብ ኣስመሮም ዝምራሕ ኢዩ።

## ኤርትራ፡-

1. ኣባላት ክፍሊ ባህሊ ሓላው ወሰን ኣብ ኣውስትራልያ ኢዶም ሂቦም

ኣብ'ቲ ካብ 5-7 ጥሪ 2007 ኣብ ከተማ መልበርን፡ ኣውስትራልያ ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ እተዳለወ ፌስቲቫል ንምስታፍ፡ ካብ ኤርትራ እተላእከት ጉጅለ ባህሊ ሓላው ወሰን፡ ኣርባዕተ ሙዚቀኛታት ዑቑባ ከምዝሓተቱ ወኪል ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ካብ ኣውስትራልያ። መራሒ ናይ ጉጅለ ባህሊ፡ ሙኸታር ሳልሕ፡ ኣብ ተሓኤ ኣብ ሓይልታት መሪሕ ዝዓበየ ፍሉጥ ሙዚቀኛ ኢዩ። ሙኸታር ምስ ራብዓይ ርእሱ (ዓሪፍ ሓሰንን ከማልን ዓብዱልሓኪምን) ካብ ሓለዋ ናይ'ቶም ነታ ክፍሊ ባህሊ ክቆጻጸሩ ዝተላእኩ ሓለፍትን ሰለይትን ኣምሊጦም ናብ ሰበ-ስልጣን ኣውስትራልያ ኢዶም ምሃቦም ተረጋጊጹ ኣሎ። ብድሕሪ'ዚ፡ እቶም ሓለፍቲ ናይ'ታ ክፍለ ባህሊ፡ ነቶም ዝተረፉ ደረፍቲ፡ ማለት ንወዲ ትኹልን ሃለን መለስን ፋጣማ ኢብራሂምን ከይሃድምዎም ስለዝሰግኡ ብሃንደበት ናብ ስዲኒ እተባህለት ከተማ ከምዝወሰድዎም፡ ካብኡ ናብ ኤርትራ ክመልስዎም ምኻኖምን ተፈሊጡ ኣሎ።

2. ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብ 1,700 ለጠቕ ክብል ተወሲኑ

ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣስፈርዎ ካብ ዝጸንሐ 2,300 ዝኸውን ብዝሒ ዘለዎ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ብ600 ክንክዮ ብምሉእ ድምጺ ሎሚ ዕለት 30.01.2007 ወሲኑ። በዚ እቲ ብዝሒ ናብ 1,700 ለጠቕ ክብል ምኳኑ፡ ተፈሊጡ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ኣብ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክጸንሓሉ ዘለዎ ግዜ ንተወሳኺ 6 ኣዋርሕ ኣናዊሑዎ ምህላዉ ውን ተሓቢሩ።

ዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ስርሑ ክጅምር እንከሎ 3,300 ኣባላት ከምዝነበርዎን፤ ድሒሩ ግን፡ ብ1000 ነክዩ ናብ 2,300 ምውራዱ ዝዝከር ኢዩ።

3. ጠንቂ ናይ ጋዜጠኛን ኪኑ-ጥባባውን ሞት መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ

ብካቲ ማይተኒ

ሓደ ኣህጉራዊ ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣባቒ ማሕበር ብሓሙስ መንግስቲ ኤርትራ ብሞት ናይዚ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ማእሰርቲ ዝጸነሐ ኪነጥበባዊ ተሓታቲ'ዩ ዝብል መግለጺ ሂቡ። መንግስቲ ግን፡ ኣሉታ ሂቡሉ። ናይ ድምጺ ኣመሪካ ወኪል ኣብ ከንያ ነዚ ዝስዕብ ጸብጻብ ተቕርብ።

ጆሽዋ ብዝብል ሳጓ ዝጽዋዕ ፍስሃየ ዮውሃንስ ገጣምን ደራስን ጋዜጠኛን'ዩ ነይሩ። ብ2001 ድማ፡ ምስ ካልኦት ጋዜጠኛታት ብጾቱ ናይ ፖለቲካ ተቓወምትን ተኣሲሩ። ብመሰረት "ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት" እተባህለ ኣብ ፈረንሳ ኣብ ከተማ ፓሪስ ዝመደበሩ ማሕበር ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ጆሽዋ፡ ኣብ ልዕሊኡ ብዝተፈጸመ ናይ ዓዛብን ስቅያትን ተግባራት ብ11 ጥሪ ኣብ ሓደ ኣብ ሰሜን ኤርትራ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ ዓሪፉ። "ብዛዕባ ጆሽዋ ካብ ሰለስተ ነንሓድሕዶም ዘይፋለጡ ምንጪታት፡ ዘሕዝን ወረ ኢና ሰሚዕና። ጆሽዋ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብ ኣስመራ ዝርከቡ ሆስፒታላት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሑ፡ ናብ ዒራዒሮ ከምእተወስደ፡ በቲ ዝወረዶ ጨካንን ዘሰንብድን ናይ ማእሰርቲ ኵነታት ድማ፡ ኣብ'ቲ ቤት ማእሰርቲ ከምዝሞተን ኢና ተሓቢርና" ክብል ልዮናርድ ቨንሳንት እተባህለ ኣባል "ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት" መግለጺ ሂቡ። እዚ "ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት እተባህለ ማሕበር'ዚ ኣስዒቡ፡ ሬሳ ናይ ነብስሄር ጆሽዋ ንቤተ-ሰቡ ክውሃብ ብህይወቱ እንተደኣ ሃልዩ ኲይኑ ድማ፡ ነዚ ዘረጋግጽ ጭብጢ ክቐርብ ጠሊቡ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ማሕበር፡ ናይ ሰለስተ ካልኦት ኣብ ማእሰርቲ ሞይቶም ተባሂሉ ዝንገረሎም ዘሎ ጋዜጠኛታት፡ ሓበሬታ ክህብ ንመንግስቲ ኤርትራ ጠለብ ኣቕሪብሉ ኣሎ።

ናይ ፕረሲደንት ኤርትራ ውሃብ ቃል፡ ኣቶ የማነ ገብረመስቀል፡ "ብቐዳምነት፡ እዚ ትዛረብሉ ዘለኹም ሰብ ኣይፈልጦን ኢየ። ከምኡ ውን፡ ሰባት ዝእሰሩ ገበን ምስ ዝፍጽሙ ጥራሕ'ዩ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጸም ዓዛብ የለን። መንግስቲ ኤርትራ፡ ናይ ዓዛብ ተግባራት ኣይፍጽምን'ዩ' ብምባል ነቲ ዝቐረበ ክሲ ኣሉታ ሂቡሉ። ቀጺሉ፡ "ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት" እተባህለ ማሕበር፡ ኣብ ልዕሊ ኣስመራ ብዘይ ምኽንያት ተደጋጋሚ ናይ ጸለመ ወፈራ ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን። "ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት" ኣብ 2006 ዘቕረቦ ዓመታዊ ጸብጻብ ንኤርትራ ከም ሓንቲ ካብተን ዝኸፍአ ግህሰታት ናይ ፕረስ ናጽነት ዝፍጸመላ ሃገር ኢያ ብምባል ገሊጽዋ ነይሩ።

እቲ ጸብጻብ 100 ዝኾኑ ናይ ፖለቲካ እሱራት ከምዘለዉ፡ ካብኦም ድማ፡ 13 ጋዜጠኛታት ምስ ምኳኖም'ዩ የረጋግጽ። እዞም እሱራት እዚኣቶም ቤተ-ሰቦም ከብጽሕዎም ኰነ፡ ጠበቓታት ክቼጽሩ ኣይፍቀደሎምን ኢዩ።

ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ብ2001 ንዅሉ ንጥፈታት ናይ ናጻ ጋዜጣታት ኣጊዱን፤ ነቶም ተሰማዕነት ዘለዎምን ንለውጥን ጽግናን ኣብታ ዕሸል ዝኾነት ሃገር ዝጠልቡ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታትን ኣሲሩን።

ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ሓደ ወኪል ድምጺ ረድዮ ኣመሪካ ብሰንኪ ዘቕረቦ ዜናዊ ጸብጻብ ኣብ ኤርትራ ተኣሲሩ ነይሩ። ድሓር ግን ተፈቲሑ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ናይ ፕረስ ናጽነት ኣሎ'ዩ ዝብል።